መበል 36 ዓመት ቁ.57 ሓሙስ 5 ሕዳር 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 3 ገጽ 4 ገጽ 5 ገጽ 10 ገጽ 11

ኢትዮጵያ - ልቦና ኣብ ዝጠልብ
ተኣፋፊ እዋን

ሰባዊ ገጽ ስነ ቁጠባ ገምጋም ወፍሪ ተማሃሮ
ንልምዓት - 2026

“ኩሉ ድሕሪ ሃገር” ዌስት ሃም፡ ንፓርከር ቆጺራቶ

ባጽዕ - ኣብ ምሕያል ውዳበ ስንኩላን ዘተኰረ ርክብ ተኻዪዱ

ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን
ኲናት ኤርትራ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ባጽዕ
ውዳበን ኵነታትን ኣባላት ንምሕያል
ዘተኰረ ርክብ፡ ብ1 ሕዳር ኣቃኒዑ።
ግዝያዊ ሓላፊ ጨንፈር ማሕበር ኣብ ዞባ
ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣቶ መዘክር ግርማይ

ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ዕላማ - ሓፈሻዊ
ኵነታት ስንኩላን ኲናት ንምድህሳስን
ውዳበታቶም ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ
ዝሕይለሉ ባይታ ንምጥጣሕን ከምዝዀነ
ብምሕባር፡ ሓያል ውዳበ ኣብ ምቅላል
ማሕበረ-ቍጠባዊ ጸገማት ኣገዳሲ

ከምዝዀነ ገሊጹ።
ኣብ ንኡስ ዞባ ባጽዕ፡ ኣብ ምውዳብ
ኣባላት፡ ምሽፋን ሕክምናዊ ክፍሊት፡
ምዕዳል ልቓሕን ምምዕባል ዓቕሚን
ዘተኰረ ንጥፈታት ክሰላሰል ምጽንሑን
ኣተባባዒ ውጽኢት ከምእተረኽቦን
ዝጠቐሰ ኣቶ መዘክር፡ ኣበርክቶ ንዝገበሩ

ኣካላት ኣመስጊኑ።
ኣብ ምምሕዳር ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ
ባሕሪ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ
ኣገልግሎት ኣቶ ረዘነ ፍስሓ ብወገኑ፡
ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት መነባብሮኦም
ዘመሓይሹሉን ጸገማቶም ዝፈትሑሉን
ባይታ ምእንቲ ክፍጠር፡ ጥርናፈኦምን
ዝምድናታቶምን ከዕዝዙ ተላብዩ።
ተሳተፍቲ ብግደኦም፡ መነባብሮ ስንኩላን
ኲናት ኣብ ዘመሓይሹ መደባት ብዕቱብ

ክስራሕ፣ ምስ ዕድመን ኵነታት ክሊማን
ዝኽሰቱ ጸገማት ኣተኵሮ ክግበረሎም፣
ኣብ ምዕዳል ናውቲ ወሃብቲ ደገፍ
ዘሎ ሃጓፋት ክፍታሕ፣ ከምኡ’ውን ኣብ
ምዝርጋሕ ልቓሕ ዝርአ ጸገማት ክእረም
ዝብልን ካልእን ርእይቶታትን ለበዋታትን
ኣቕሪቦም።
ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን
ኲናት፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ባጽዕ 439 ኣባላት
ኣለውዎ።

ዓንሰባ - ቁጽሪ ወለንታውያን ለገስቲ ደም ይስስን ከምዘሎ ተሓቢሩ
ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ኣብ
ልግሲ ደም ብምብራኹ፡ ቁጽሪ ወለንታውያን
ለገስቲ እናሰሰነ ከምዝመጸ ተሓቢሩ።
ጸሓፊ ጨንፈር ሃገራዊ ማሕበር
ወለንታውያን ለገስቲ ደም ኣብ’ቲ ዞባ ኣቶ
ብርሃነ ዓንዶም፡ ካብ 26 ክሳብ 31 ጥቅምቲ
ኣብ ከረንን ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎን
ንዝተኻየደ ልግሲ ደም ኣመልኪቱ ንኤሪና
ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሎሚ ዓመት ዝተለገሰ
ደም ካብ’ቲ ናይ ዓሚ ብልዕሊ 13 ሚእታዊት
ከምዝዓቢ ገሊጹ።
እቲ ጨንፈር ውዳበታቱ ብምሕያል፡
ልግሲ ደም ኣብ ሕብረተሰብ ከም ባህሊ

ሃማደኤ ዞባ ዓንሰባ ምስ ናይ ስራሕ ገለብ - ኣብ ጥዕናን ዕብየት ናብራን ዘተኰረ ትምህርቲ መዘና ተዋሂቡ መሻርኽቱ ብምትሕብባር፡ ካብ 11
ምምሕዳራት ከባቢ ንኡስ ዞባ ገለብ
ንዝተዋጽኣ ደቂኣንስትዮ፡ ካብ 31 ጥቅምቲ
ካሳብ 2 ሕዳር ኣብ ጥዕናን ዕብየት ናብራን
ዘተኰረ ትምህርቲ መዘና ሂቡ።
እቲ ኮም ዝሰረቱ ተዓቃኒ ጥዕናዊ ለውጢ
ንምምጻእ ዝዓለመ ስልጠና፡ ኣብ ጥዕና
ደቂኣንስትዮ ብሓፈሻ፡ ኣብ ጥዕና ጐራዙ፡
ጥዕና ፍርያምነት፡ ከምኡ’ውን ድሕነት
ኣደን ዕሸልን ኣመጋግባን ዘተኰረ ነይሩ።
ኣብ ቤት-ጽሕፈት ሃማደኤ ዞባ ዓንሰባ
ሓላፊት ማሕበረ-ቁጠባዊ ጉዳያት ወ/ሮ
ትርሓስ ንርኣዮ ኣብ ዝሃበቶ ሓበሬታ፡
እቲ ስልጠና መቐጸልታ ናይ’ቲ
ኣቐዲሙ ኣብ ከረንን ሓጋዝን ዝተዋህበ
ስልጠናታት ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኣሳለጥቲ
ትምህርቲ መዘና፡ ኣብ ከባቢአን ምስ
ዝርከቡ ሞያውያን ጥዕና፡ ምምሕዳራትን
መሻርኽትን ተሓባቢረን ንጥፈታተን
ከሰላስላ ኣዘኻኺራ።
ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ገለብ ኣቶ
ዑስማን ኣድም ብወገኑ፡ ዘድሊ ፍልጠት
ዝዓጠቐት ኣደ፡ መሰረት ጥዕይቲ ስድራ-
ቤትን ስልጡን ሕብረተሰብን ከምዝዀነት
ብምጥቃስ፡ እቲ ስልጠና ኣብ’ዚ መዳይ’ዚ
ኣገዳሲ ከምዝዀነ ኣገንዚቡ።
ኣብ መወዳእታ፡ ሓላፊት ሃማደኤ
ዞባ ዓንሰባ ወ/ሮ ኣምና ሓሰን፡ ሰልጠንቲ
ውጽኢታዊ ስራሕ ንኽዓማ ረዚን ሓላፍነት
ከምዘለወን ተገንዚበን፡ መደባተን ብግቡእ
ከሰላስላ ተላብያ።

ንኽሰርጽ ብዘካይዶ ዘሎ ሓያል ጻዕሪ፡ ኣብ
ርእሲ’ቲ ዓመታዊ ብስሩዕ ዝግበር ናይ ልግሲ
ደም መደብ፡ ኣብ ትካላት ጥዕና ዘጋጥም
ዋሕዲ ደም ንምምላእ ዓቢ ተራ ከምዝጻወት
ብምጥቃስ፡ ንኣበርክቶ ምምሕዳራት፡ ኣካላት
መንግስቲ፡ ግንባርን ሃገራውያን ማሕበራትን
ኣመስጊኑ።
“ልግሲ ደም፡ ልግሲ ህይወት’ዩ” ዝበለ
ኣብ ሃገራዊ ባንክ ደም ሓላፊ ኣገልግሎት
ልግሲ ደም ኣቶ መሓሪ ኣብርሃም ብወገኑ፡
ምስ ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም
ብምውህሃድ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ዝተኻየደ
መደብ ዕዉት ምንባሩ ብምሕባር፡ እዚ
ውጽኢት ናይ’ቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓበየ
ዝመጽእ ዘሎ ንቕሓት ከምዝዀነ ኣፍሊጡ።



ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.57 5 ሕዳር 2026 - ገጽ 2

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ደ/ቀ/ባሕሪ፡ ስልጠና ኣተሓሕዛ ሕሳብን ንብረትን ተዋሂቡ

ጨንፈር ሃኮሰኤ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፡
ብቕዓት ሰራሕተኛታት ክብ ንምባል
ዝዓለመ ስልጠና ኣተሓሕዛ ሕሳብን
ንብረትን፡ ካብ 26 ክሳብ 30 ጥቅምቲ
ኣካዪዱ።
እቲ ስልጠና፡ ካብ ዝተፈላለያ
መሰረታውያን ማሕበራትን መሻርኽቲ
ትካላትን ንዝመጹ 28 ተሓዝቲ ገንዘብን
ንብረትን’ዩ ተዋሂቡ።
ሓላፊ ናይ’ቲ ጨንፈር ኣቶ ሑሴን
ኻልድ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሃኮሰኤ ዓቕምን
ብቕዓትን ሰራሕተኛታት ክብ ብምባል
ኣፍራይነት ንምዕባይ በብደረጃኡ
ስልጠናታት ከምዝውድብ ብምግላጽ፡
ሰራሕተኛታት ንዝራሓወሎም ዘሎ
ዕድላት ብዝግባእ ክጥቀሙሉን ኣብ
ረብሓ ትካላቶም ከውዕልዎን ኣዘኻኺሩ።
ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ዞባ
ደ/ቀ/ባሕሪ ኣቶ ገብረሂወት ተስፋይ ኣብ
ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ምምዕባል ዓቕሚታት
ንዝተወሰነ ኣካል ዝምልከት ስለዘይኮነ፡
ምስ ግዜ ዝኸይድ ሞያን ፍልጠትን
ዝቐሰሙ ሰራሕተኛታት ንምምልማል
ብዕቱብነት ክስራሕ ኣዘኻኺሩ።

ዜና

ጊንዳዕ - ማሕበራዊ ጸገማት ስንኩላን ንምቅላል ርክብ ተኻዪዱ
ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ
ድሕነትን ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ፡
ማሕበራዊ ጸገማት ስንኩላን ብሓፈሻ፡
ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን
ድማ ብፍላይ ንምቅላልን ንምፍታሕን፡
ተራ ኮም ዝሰረቱ ተሃድሶ ዓዲ
ንምሕያል ዝዓለመ ርክብ፡ ብ31
ጥቅምቲ ተኻዪዱ።

ኣብ’ቲ ኣብ ጊንዳዕ ዝተኻየደ ርክብ፡
ሓላፊ ናይ’ቲ ቤት-ጽሕፈት ኣቶ
ኢብራሂም ዑመር፡ ስንኩላን ከከም
ስንክልንኦም ተለልዮም ኣገልግሎት
ንክረኽቡ፡ ንጥፈታት ኮም ዝሰረቱ

ሎጎ-ዓንሰባ - መደበር ጥዕና ደቂ-ዘርኡ ዝምስገን ኣገልግሎት ትህብ
ኣብ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ፡ መደበር
ጥዕና ደቂ-ዘርኡ ኣብ ክትትል
ቅድምን ድሕርን ሕርሲ ዝምስገን
ኣገልግሎት ትህቦም ከምዘላ ነበርቲ
ገሊጾም።
እዛ ኣብ 2018 ዝተዋደደት
መደበር፡ ኣገልግሎታት ሕክምና
ተመሓላለፍቲ ሕማማት፡ ምክትታል
ቅድምን ድሕሪን ሕርሲ፡ ከምኡ’ውን
ኣገልግሎታት ክታበትን ሕርሲን
እትህብ ኰይና፡ ክትትል ጥንስን
ሕርስን 67 ሚእታዊት፣ ሸፈነ ክታበት
ድማ 80 ሚእታዊት ከምዝበጽሐ
ሰነዳታ የነጽር።
ሓላፊት ናይ’ታ መደበር ጥዕና -
ተሓጋጋዚት ነርስ ፍዮሪ ትንስኤው
ኣብ ዝሃበቶ ሓበሬታ፡ ኣብ ክትትል

ከባቢ ጽጹይ መጽናዕቲ ከካይዱ
ተላብዩ።
ተሳተፍቲ ኣብ መወዳእታ፡ እቲ
ርክብ ብዛዕባ’ቲ ክውሰድ ዘለዎ
ተበግሶታት እኹል መረዳእታ
ዝፈጥር ብምዃኑ፡ ቀጻልነት ክህልዎ
ተማሕጺኖም።

እዚ ከም’ዚ’ሉ እንከሎ፡ ኣብ ልዕሊ
ደቂኣንስትዮ ዝፍጸሙ ጎዳእቲ
ልምድታት - ከም መርዓ ትሕቲ
ዕድመን ምኽንሻብን ንምውጋድን
መሰላት ቈልዑ ንምርግጋጽን
ዝዓለመ ኣስተምህሮ፡ ንኣመሓደርቲ
17 ምምሕዳራት ከባቢ፡ መራሕቲ
ሃይማኖትን ዓበይቲ ዓድን
ከምእተዋህበ፡ ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።

ተሃድሶ ኣገዳሲ ከምዝዀነ ብምጥቃስ፡
ብፍላይ ኣብ ገጠራት ብዝበለጸ
ክስራሓሉ ጸዊዑ።
ወኪል ጨንፈር ዕዮን ማሕበራዊ
ድሕነትን ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ኣቶ
እስማዒል ዑስማን ብወገኑ፡
ሕብረተሰብ ኣብ ምሕጋዝ ስንኩላንን
ስድራ ስዉኣትን እጃሙ ከበርክት
ብምዝኽኻር፡ ኣእምሮኣውን
ምዕባለኣውን ስንክልና ዘለዎም ቈልዑ
ተዋዲዱሎም ንዘሎ ናይ ትምህርቲ
ዕድል ብግቡእ ክጥቀሙሉ፣ ንቕሓት
ወለዲ ንምብራኽ ድማ ኣመሓደርቲ

ቅድምን ድሕርን ሕርሲ ተጠርዩ
ዘሎ ንቕሓት፡ ውጽኢት ናይ’ቲ
ብቐጻሊ ዝካየድ ጐስጓሳት ከምዝዀነ
ብምሕባር፡ ንዝበለጸ ውጽኢት ብዕቱብ
ከምዝድፋኣሉ ሓቢራ።
ተሓጋጋዚት ነርስ ደጀን ታደሰ
ብግደኣ፡ እታ ትካል ጥዕና ን24
ሰዓታት ኣገልግሎት ከምእትህብን
ናይ ቀረብ መድሃኒት ጸገም
ከምዘይብሎምን ኣብሪሃ።
መደበር ጥዕና ደቂ-ዘርኡ፡
ንምምሕዳራት ከባቢ ደቂዘርኡን
ደርሰነይን ተገልግል።
ኣብ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ፡ ስሩዕ
ኣገልግሎት ዝህባ - ሓንቲ ማእከል
ጥዕና፡ 5 መደበራት ጥዕናን 2
ፋርማሲታትን ኣለዋ።

ሰንዓፈ - ስልጠና ምሕደራን መሪሕነትን ንመንእሰያት ተዋሂቡ
ኣብ ከተማ ሰንዓፈ፡ ኣብ ውዳበ
መንእሰያት ንኡስ ዞባ ንዝነጥፉ
25 መንእሰያት፡ ኣብ ምሕደራን
መሪሕነትን ዘተኰረ ስልጠና፡
ካብ 17 ጥቅምቲ ክሳብ 1 ሕዳር
ተዋሂቡ።
ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ’ቲ ንኡስ
ዞባ መንእሰይ ሃብተኣብ ነጋሲ ኣብ
መዛዘሚ ስነ-ስርዓት ኣብ ዘስመዖ

ቃል፡ ቀንዲ ዕላማ ናይቲ ስልጠና፡
ሃማመተኤ ንምምሕዳር ከባቢ ከም
መሰረት ውዳበኡ ብምውሳድ፡ ክሳብ
ዓድታትን ኣብያተ-ትምህርትን
ንምዝርጋሕ ዘኽእል ቅርጽን
ኣወዳድባን ንምሕያል ይሰርሕ
ከምዘሎ ብምግላጽ፡ እቲ ስልጠና
ኣብ’ዚ መዳይ’ዚ ኣበርክቶ ከምዘለዎ
ሓቢሩ።

ወኪል ሰልጠንቲ ብወገኑ፡
ዝቐሰምዎ ስልጠና፡ ኣብ ኣፍራይነትን
ኣተሓሳስባን ርኡይ ለውጢ ከምጽእ
ምእንቲ፡ ቀጻሊ ምክትታልን
ምምእዛንን ክግበረሎም፣ ከምኡ’ውን
ከም’ዚ ዓይነት ስልጠናታት
ክድፋኣሉ ተማሕጺኑ።
ኣብ መወዳእታ፡ ኣመሓዳሪ
ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ኣቶ እድሪስ ዓሊ
ሽከር ኣብ ዘመሓላለፎ
መልእኽቲ፡ ሃመማተኤ
ክሳብ ምምሕዳራት
ከባብን ዓድታትን
ወሪዱ ንዘካይዶ ዘሎ
ንጥፈታት ብምምስጋን፡
ኩሎም ናይ ስራሕ
መሻርኽትን ኣካላት
መንግስትን እጃሞም
ከበርክቱ ጸዊዑ።
ኣብ’ቲ ኣጋጣሚ፡
ካብ ኩለን ውደበታት
ሃማመተኤ ብዝተወከሉ
15 ኣባላት ዝቘመት
ኣካያዲት ኣካል ንኡስ
ዞባ ተመሪጻ።

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.57 5 ሕዳር 2026 - ገጽ 3

ተስፊት ሓጐስ

ሰባዊ ገጽ ስነቑጠባ

እዚ ዓንቀጽ፡ ትርጉም ናይቲ ኣብ
መርበብ ሓበሬታ ኣህጉራዊ ማዕከን
ገንዘብ፡ “Human Face of Economi-
ics” ብዝብል ኣርእስቲ፡ ንኣመለኻኽታ
ስነቑጠበኛ ጆርጅ ኣከሎፍ (George
Akerlof) መሰረት ብምግባር ብፕራካሽ
ሎንጋኒ (Prakash Loungani) ዝወጸ
ጽሑፍ’ዩ።

ተዓዋቲ ሽልማት ኖቤል ዓውዲ ስነ-
ቑጠባ ጆርጅ ስቲግለር፡ ዓውዲ ስነ-
ቑጠባ ንግስቲ ኩለን ዓውድታት
ማሕበራዊ ስነፍልጠት ንምዃን ኣብ ጉዕዞ
ከምትርከብ ኣብ 1984 ተነብዩ ነበረ።
ስቲግለር፡ ስነ-ቑጠባ ንኻልእ ዓውድታት
ማሕበራዊ ስነፍልጠት፡ ኣካዳምያዊ መገዲ
ዝጥሕስስ “ሃጸያዊ ስነ-ፍልጠት’ዩ” ኢሉ
ዝሰመየ እዩ። ንሱ፡ “መብዛሕትኡ እዋን
ኣንጻር ናይቶም ዘፍርሑን ተጓነጽትን
ደቀባት . . . ቁጠባዊ-ሚስዮን” ንዘካየዱ
ዘሞጎሰ’ዩ። ኣብቲ ዘውዲ ናይ ምድፋእ
ጉዕዞ ዘጋጠመ ግና ዘደንጹ’ዩ።
ናይ ስቲግለር ዓንቀጽ ካብ ትሕተም
ርብዒ ዘመን ምስ ኣቑጸረት፡ ንጹር/
ግሁድ ዝኾነ እንተሃልዩ ድማ ከምቲ
ስነቑጠባ ንኹለን ዓውድታት ማሕበራዊ
ስነፍልጠት ትምህሮ ኣለዋ ዝተባህለ፡
ንሳ’ውን ካብአን ትመሃሮ ብዙሕ
ምህላዉ’ዩ። ንኣብነት፡ ኣብ ዓውዲ ባህርያዊ
(ብሄቨራል) ፋይናንስ፡ ኩነታት ፋይናንሳዊ
ዕዳጋታት ንምርዳእ ኣብ ዝካየድ ጻዕሪ
ናይ ስነ-ልቦናን ስነ-ማሕበረሰብን ፍልጠት
ምልቃሕ ግድን’ዩ። ኣብ ኮርፖረሽናት
ዝርአ ጉድን ስስዕ ዘንቀሎ ቅልውላዋትን
ከኣ ስነምግባርን ስነቑጠባን ክወሃሃድ
ኣለዎ ዝብል ጻውዒት ዘንቀለ’ዩ።
ናይ 2001 ተሸላሚ ኖበል ስነቑጠባ
ጆርጅ ኣከሎፍ፡ ናይ ነዊሕ ዓመታት
“ሕልመይ” ይብል “ከም ርትዒ፡
ርእሰምትእምማን፡ ስስዐ፡ መንነት፡
ምውንዛፍ ዝኣመሰሉ ስምዒታትን
ተግባራትን ደቂሰብ” መሰረት ዝገበረ
ማክሮኣዊ ሞዴል ስነቑጠባ ክህሉ’ዩ።
ሊቕ ስነልቦና ዳኒኤል ካናማን ከምኡ’ውን
ሊቕ ፖለቲካዊ ስነፍልጠት ኢልኖር
ኦስትሮም ናይ ስነቑጠባ ኖቤል ምሽላሞም
ከኣ ንኣከሎፍ ዘሓጎሰ ክኸውን እንከሎ
መዘናኡ ንዝኾነ ስቲግለር ግና ዘቖጥዐ’ዩ።

“እዚ ፍትሓዊ ኣይኮነን!”
ኣከሎፍ፡ ሽቕለት-ኣልቦነት ኣብ ሞያኡ
ኣዕሚቑ ክሰርሕ ካብ ዝደረኾ ቀንዲ
ረቛሒ ምዃኑ ይገልጽ። ኣብ መግለጺኡ
ሽቕለት-ኣልቦነት ዝኸፍአ ነገር’ዩ ይብል።
ምኽንያቱ ስራሕ ዘይብሉ ሰብ ኣታዊ
ጥራይ ኣይኮነን ዝስእን፡ ኣብቲ ሕብረተሰብ
ክዋስኦ ዝግባእ ተራ’ውን ይስእን’ዩ
ይብል። ክኢላ ስነ-ቑጠባን ብዓልቲ-ቤቱን
ምስ ዝኾነት ጃነት የለን (ጸሓፊት ክፍሊ
ግምጃ ኣመሪካ 2021-2025፣ ኣደ-መንበር
ፈደራዊ ባንክ ኣመሪካ 2014-2018)
ብሓባር ኣብ ዝዓየይዎ ድማ ሽቕለት-
ኣልቦነት ስለምንታይ የጋጥም ኢሎም
ይምጉቱ። ኣብ ዕዳጋ ንዝካየድ ልውውጥ

(ምሻጥን ምዕዳግን) ድማ ብርእሰማልነት
ካብ ዝወሃብ ግኑን ኣገላልጻ ብዝተፈልየ
መልክዕ የቕርብዎ።
ብኣገላልጻ ርእሰማልነት፡ ኣብ ዝኾነ
ዕዳጋ ዝግበር ትውጊት ብመንጽር ቀረብን
ጠለብን ይውሰን ዝብል’ዩ። ንኣብነት፡
ፍረታት ዝሸጡ ነጋዶ ብዙሕ ፍረታት
ናብ ዕዳጋ ምስ ኣምጽኡ ንዕኡ ዝዳረግ

ጠለብ ምስዘይህሉ ኣብታ መዓልቲ ዋጋ
ፍረታት ይጎድል። ብኣንጻሩ፡ ጠለብ
ዛይዱ፡ ቀረብ ምስ ዝውሕድ ድማ
ዋጋ ፍረታት ይውስኽ። ናይ ሽቕለት
ዕዳጋ’ውን ተመሳሳሊ’ዩ። ብዙሓት
ደለይቲ ስራሕ ሃልዮም፡ ንዖኦም ዝሓቁፍ
ስራሕ ብኣስራሕቲ ምስ ዘይፍጠር፡
ሽቕለት-ኣልቦነት ይኽሰት።
ኣከሎፍን የለንን ከኣ ነዚ ርእሰማላዊ
ስነሓሳብን መግለጽን ብምብዳህ፡ ንሽቕለት-
ኣልቦነት ምስ ስነ-ማሕበረሰብ ኣዛሚዶም
ይርእይዎ። ኣብ ናይ ሽቕለት ዕዳጋ
ዝለዓለ ተራ ዝጻወት ድማ ፍትሓውነት’ዩ
ይብሉ። ሰብ ኩሉ ግዜ ብቑጠባዊ
ክልሰሓሳብ ኣይሓስብን’ዩ ይብል
ኣከሎፍ። ኣብ እዋን ሓደጋ ንኣብነት
‘ዕድል’ ተረኽበ ኢሎም ዋጋታት ዘንህሩ
ነጋዶ ከም ዘይፍትሓውያን እዮም
ዝቑጸሩ። እዋን ምህርቲ ኮይኑ ሓረስቶት፡
ብትሑት መሸጢ ዋጋ ኣብ ዝሳቐዩሉ
ግዜ፡ ኩሉ ሰብ ኣይኮነን ነቲ ዕድል
ዝምዝምዞ። ንሓረስቶት ንምሕጋዝ፡ ኣብ
ዕዳጋ ካብ ዘሎ ዋጋ ብዝዛይድ ዝዕድግ
ሓያለይ ሰብ ኣሎ። ብፍርያቶም ዝምክሑ
ገለ ኣፍረይቲ/ሓረስቶት’ውን እቲ ዋጋ
ርትዓዊ’ዩ ክሳዕ ዝብልዎ ካብ ምሻጥ
ይቑጠቡ’ዮም።

በዚ መንጽር፡ ኣብ ናብ ሽቕለት
ዕዳጋ’ውን ፍትሓውነት ተራኡ ዓቢ’ዩ።
እዚ ከኣ ዋጋ ሽቕለት ወይ ደሞዝ ኣብ
ጠለብን ቀረብን ጥራይ ከምዘይምርኮስ
የመልክት። ምኽንያቱ፡ ኣስራሕቲ ደሞዝ
ትሑት ኮይኑ ኢሎም ሰራሕተኛ ክቖጽሩ
እንከለዉ ክልተ ነገራት ኣብ ግምት
ከእትዉ ኣለዎም፣ ፍናንን ጥቅውነት

(ኤፊሸንሲ)ን ሰራሕተኛ። ትሑት ደሞዝ
ዝኽፈል ሰራሕተኛ ደይመደይ ኢሉ
ስራሕ ከባላሹ ወይ ከደናጒ ዘለዎ
ተኽእሎ ልዑል’ዩ። ስለዚ፡ ኣስራሕቲ
ብጠለብን ቀረብን ካብ ዝውሰን መጠን
ደሞዝ ዝሓሸ ክኸፍሉ ይግባእ። ኣከሎፍን
የለንን ድማ በዚ መንፈስ ንዝውሰን መጠን
ደሞዝ ናይ ጥቅውና ደሞዝ ይብልዎ።
እዚ ደሞዝ ንሰራሕተኛ ብምትብባዕ ኣብ
ስርሑ ኣፍራዪ ማለት ጥቅውን ኣድማዕን
ከምዝኸውን ዝገብር’ዩ።
ኩሎም ኣስራሕቲ ናይ ጥቅውና ደሞዝ
ምስ ዝኸፍሉ፡ ሳዕቤኑ ሽቕለት-ኣልቦነት
ክኸውን ባህርያዊ’ዩ። ምኽንያቱ ደሞዝ
ካብቲ ብጠለብን ቀረብን ክውሰን ዝግብኦ
መጠን ንላዕሊ ተሸኒኑ ብምህላዉ። ነዚ
ንምግላጽ ከኣ ኣከሎፍን የለንን ኣብነት
ጓይላን መናብርን የቕርቡ። ኣብ ጓይላ፡
ብዙሕ ሰብ ክስዕስዕ እንከሎ ናጻ ዝኸውን
መናብር ብዙሕ’ዩ። ጓይላ ምስ ተወድአ
ግን ገሊኡ ሰብ ኮፍ ዝብለሉ መንበር
ኣይረክብን’ዩ።

መንፈስ እንስሳ (ኣኒማል ስፕሪት)

ኣከሎፍ፡ ንሽቕለት-ኣልቦነት ማለት
“ንዓያዪ-ሰብ ኣብ ዝምልከት ዕዳጋ፡
ስለምንታይ ቀረብን ጠለብን ዘይመዓራረ”
ክርዳእ ዘካይዶ ዝነበረ ፈተነ ኪኖኡ፡
ኣስፊሑ ክሓስብ ከምዝሓገዞ ይገልጽ።
ብሰሩ ከኣ ሰባት፡ ትካላት፡ ዕዳጋታትን
ርእሰማላውያንን ብልክዕ ከመይ ይሰርሑ
ኢሉ ክሓስብ ተቐሰበ። እዚ ፈጠራዊ
ሓሳብ ድማ ኣብ ዩኒቨርስቲ ‘የል’ ፕሮፈሰር
ስነቑጠባ ምስ ዝኾነ ሮበርት ሽለር ብሓባር
ኣብ ዝጸሓፉዋ ‘መንፈስ እንስሳ’ ኣብ
ዘርእስታ መጽሓፍ ተንጸባሪቑ ይርከብ።

እዛ መጽሓፍ፡ ኣብ 2009 ንዓመታዊ
ሽልማት ‘ፊናንሻል ታይምስ/ጎልድማን
ሳክስ’ መጽሓፍ ዋኒን ዝተሓጽየት’ያ።
ኩሉ ዓውድታት ማሕበራዊ ስነፍልጠት
ክወሃሃድ ከምዘለዎ ድማ ትገልጽ። ኣብ
ትንታነኦም፡ ኣብ ማክሮኣዊ ስነቑጠባ ኣብ
ግምት ዘይኣትዉ ከም ፍትሓውነት፡ ስስዐን
ርእሰ-ተኣማንነትን ዝኣመሰሉ ረቛሕቲ
ሽቕለት-ኣልቦነት ንምርዳእ ጥራይ ዘይኮኑ
ዘገድሱ፡ ጠንቂ ውድቀት ቁጠባታትን
ቅልጡፍ ምልውዋጥ ናይ ርእሰማል

(ኣሰት) ዕዳጋታትን ንምርዳእ’ውን
ኣገዳስነቶም ዓቢ ምዃኑ ይምጉቱ። እዚ
ከኣ ንሓሳብ እንግሊዛዊ ስነቁጠበኛ ጆን
ማይናርድ ካይስ ዝድግፍን ዘትርርን እዩ።
ካይነስ፡ ንርእሰ-ተኣማንነት ወይ ‘መንፈስ
እንስሳ’ ምስ ቁጠባዊ ለውጥታት
ብሕልፊ ከኣ ምስ ወፍሪ ከዛምዶ
እንከሎ ልዑል ኣገዳስነት ከምዘለዎ
የረጋግጽ። ውልቀሰባት ይኹኑ ትካላት
ወፍሪ ኣብ ዝሓስቡሉ ኣብ መንጎ ክልተ
ነገራት እዮም ዝቕርቀሩ፣ ክንደይ ሎሚ
ክሕሽሽ፡ ክንደይ ከ ንመጻኢ ከዋህልል።
እዚ ከኣ ንመጻኢ ኣርጊጽካ ካብ
ዘይምፍላጥን ተለዋዋጢ ትጽቢት ካብ
ምህላውን ዝነቅል’ዩ። ካይነስ፡ በቲ ብንጹር
ዘይፍለጥዎ መጻኢ፡ ሰባት ሓደ እዋን

ልዑል ምትእምማን ከምዝህልዎም
ካልእ እዋን ከኣ ምትእምማኖም ባይታ
ከምዝዘብጥ ይገልጽ። ምትእምማኖም
ልዑል ኣብ ዝኾነሉ፡ ወፍርን ቁጠባን
ከምዝዓቢ ምትእምማኖም ባይታ ምስ
ዝዘብጥ ድማ ወፍርን ቁጠባን ከም
ዝደክም ይገልጽ። ዝተጋነነ ርእሰ-
ተኣማንነት ግና ኣብ ናይ ዓያሹ ወፍሪ
ዘእቱን ሓደገኛ ቁጠባዊ ሳዕቤን ዘኸትልን
እዩ። ንኣብነት፡ ኣብ ናይ ኣባይቲ ዕዳጋ
ዝግበር ህንጡይ ወፍሪ፡ ኣብ ሃገራዊ ቁጠባ
ዓቢ ዕንወት ከውርድ ይኽእል’ዩ። ቁጠባ

ኣብ ዝደኽመሉ ከኣ ውልቀሰባት
ምትእምማን ስለዘጥፍኡ ሃልኪ/ሸመታ
ይንኪ፡ ልቓሕ ይጠፍእ፡ ነቲ ሃገራዊ ቁጠባ
ከኣ ብተዘዋዋሪ የዳኽሞ።
ኣከሎፍ፡ ንተራ ርእሰ-ተኣማንነት
ንምግላጽ፡ ኣብ 1991፡ ኣብ ሕቡራት
መንግስታት ኣመሪካ ንዘጋጠመ ቁጠባዊ
ዝሕታለ ብኣብነት የቕርብ። ኣብ 1992፡
ብቑጠባዊ ማሕበር ኣመሪካ ኣብ ዝተወደበ፡
ዓበይቲ ስነቑጠበኛታት ዝተሳተፍዎ
ኣኼባ፡ መብዛሕትኦም ልሙድ ዝኾነ
መግለጺታት ከቕርቡ እንከለዉ ኦሊቨር
ብላንካርድ ዝተባህለ ስነቑጠበኛ ግና
ነቲ ጠንቂ ብዝተፈልየ መገዲ ረኣዮ።
ብላንካርድ፡ እቲ ዝሕታለ መራሒ ዒራቕ
ሳዳም ሑሴን ኣብ ልዕሊ ኩወይት ዘካየዶ
ወራር፡ ናይ ኣህለኽቲ ርእሰ-ተኣማንነት
ከምዘንቆልቁል ብሰንኩ ድማ ወጻኢታት
ስለዝነከየ ዝሰዓበን እዩ በለ። ኣከሎፍ
‘ውን፡ ሓጻርን ነቲ ምኽንያት ብዝበለጸ
ክትገልጽ ዝኸኣለትን መግለጺ’ያ ይብል።

ሕጉስቲ (ስድራ) ቤት
ኣብ ርእሰማልነት፡ እቲ ብሕታዊ ክፋል
ናይ ቁጠባ፡ ተለዋዋጢ ንዝኾነ ኩነተ-
ኣእምሮ ቅሉዕ ስለዝኾነ፡ መንግስቲ ነቲ
ቁጠባ ናይ ምርግጋእን ምትዕርራይን
ሓላፍነት ክስከም ከምዘለዎ ይግለጽ።
ብኣገላልጻ ኣከሎፍን ሽለርን ድማ
መንግስቲ ኣብቲ ቁጠባ፡ ልክዕ ከም
ሓላፍነታዊ ወላዲ ማለት ኣዝዩ መላኺ
ወይ’ውን ኣዝዩ ናጻ ዝሓድግ ከይኮነ ክዋሳእ
ኣለዎ። ርእሰማላዊ ሕብረተሰብ ኣዝዩ
ፈጣርን መሃዝን ክኸውን ይኽእል’ዩ።
ምሉእ ብምሉእ ናጻ እንተተገዲፉ ግና
ደረት ክሓልፍ ስለዝኽእል፡ መንግስቲ
ናይ ወጅሃላይ ኣካይዳ ከይስዕብ ኣማእዛኒ
ተራ ክህልዎ ይግባእ።

ስለዚ፡ ሓደ ቁጠባ ፉሕፉሕ ክብል ኣብ
ዝጅምረሉ መንግስቲ ካብ ፈንጠዝያን
ዳንኬራን ክሕልዎን ከምኡ’ውን ከጋጥም
ካብ ዝኽእል ሮሞቕታ ከድሕኖ ዘኽእል
ዕዮ ከካይድ የድሊ። ቁጠባ ብምዝሕታሉ፡
ብሕታዊ ጽላት ርእሰ-ተኣማንነት ኣብ
ዘጥፍኣሉን ኣብ ዝዝሕትለሉን እዋን ድማ
መንግስቲ ነቲ ቁጠባ ንምብርባር ወፍሪ
ከካይድ ኣለዎ። ካይነስ፡ “ጉድጓድ ኲዒትካ
ምድፋን’ውን እንተኾነ ቅኑዕ ወፍሪ
መንግስቲ ክኸውን ይኽእል’ዩ” ይብል።
ኣከሎፍ፡ መንግስቲ ወፍሪ ክገብር ኣለዎ
ኣብ ዝብል ሓሳብ ካይነስ ዝሰማማዕ’ኳ
እንተኾነ ነቲ “ጉድጓድ ኲዒትካ
ምድፋን” ዝብል ግን ኣይሰማማዓሉን።
ምኽንያቱ ይብል ኣከሎፍ፡ መንግስቲ
ኣብ ሓደ ቁጠባ ምትእምማን ዝፈጥረሉ
ብዙሕ መገዲታት ስለዘለዎ።

ተራ መንግስቲ ብልሽውና ኣብ
ምክልኻል’ውን ልዑል ምዃኑ
ይፍለጥ’ዩ። ኣከሎፍ ድማ ፓውል ሮመር
ምስ ዝተባህለ ፍሉጥ ስነቑጠበኛ ኣብ
1993 ኣብ ዘዳለዋ ጽሑፍ፡ ብልሽውና
በቲ ትኽክለኛ ስሙ ማለት “ዝምታ”
ተባሂሉ ክስመ ዝጸውዐ’ዩ። እቲ ጽሑፍ፡
ድሕሪ ፋይናንሳዊ ቅልውላው ዝተዳለወ
ብምዃኑ ከኣ እቲ ብሕታዊ ጽላት ዋጋ
ወይ ዕዳ ናይቲ ፋይናንሳዊ ቅልውላው
ናብ መንግስቲ ኣሰኪሙ ዝሃድም
ምዃኑ ንዝተዓዘብዎን ዘስተውዕልዎን
ዘመልክት’ዩ። ኣከሎፍን ሮመርን፡ ነቲ
ውህለላን ልቓሕን ዝበሃል ከም ውዱቕ
ድራማ ይገልጽዎ። ቀንዲ ምኽንያት
ናይቲ ውድቀት ከኣ እቶም ተቖጻጸርቲ
ብረብሓ ተደሪኾም፡ ኮነ ኢሎም ነቲ ሓቂ
ስለዝሓብእዎ’ዩ ይብሉ። ኮንግረስ ኣመሪካ
ከይተረፈ እቶም ተቛጻጸርቲ፡ ምሩጻት
ንዝበሃሉ ደገፍትን መወልትን ኣካላት
ሸለል ክብልዎም ጸቕጢ ከምዝገብር
እቶም ኣማለድቲ (ሎቢስት) ከኣ ኣራሚ
ስጉምቲ ከይውሰድ ኣብ ምዕንቃጽ
ተዓዊቶም እዮም። መወዳእታኡ ከኣ እቲ
ጉድ ዓብዩ፡ እቲ ዕዳ ድማ ናብ ሓፋሽ
ወሪዱ። ኣከሎፍን ሮመርን ድማ እቲ
ዝኾነ ኮይኑ’ዩ፡ ንመጻኢ ግዜ ካብዚ ዝኾነ
ተማሂርና ክንደግሞ ከምዘይብልና ድማ
ይድምድምዎ።
ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ለበዋ
ኣከሎፍን ሮመርን ተግባራዊ ኣይኮነን።
እቲ ግጉይ ዝተባህለ ተግባር’ውን
ኣየብቅዐን። ኣብ መጀመርታ 2000፡
ኢንሮን (Enron) ዝተባህለት ዓርሞሽሽ
ናይ ጽዓት ኮርፖረሽን ጠፊሻ ተባህለ።
ድሒሩ ዝሰዓበ ዓለምለኻዊ ፋይናሳዊ
ቅልውላው ከምኡ’ውን ካብ 2007 ክሳዕ
2009 ዝተኸስተ ዓቢ ቁጠባዊ ዝሕታለ
ጠንቁ፡ ብቕዓት ዝጎድሎ ናይ ልቓሕ
ቁጽጽርን ግሁድ ምጉሓልን ምዃኑ
ሰፊሕ ተቐባልነት ዘለዎ መግለጺ’ዩ። ነዚ
ውድቀት ዝተዓዘበ ሮመር፡ “ኣብ 1993፡
ምስ ኣከሎፍ ንጽሕፈሉ ኣብ ዝነበርናሉ
እዋን፡ ኣከሎፍ ዝቕጽል ንዝምታ ዝሕጸ
ክፋል፡ እቲ ዘይንጹርን ንእሽቶይን ናይ
ልቓሕ ምህዞ’ዩ” ኢሉ ነይሩ ይብል። እቲ
ዝሰዓበ’ውን ንሱ’ዩ።
ኣከሎፍ፡ ንፖሊሲታት መንግስቲ
ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ክግምግም ኣብ
ዝተሓተተሉ እዋን፡ “ሕጉስቲ ቤት” ኣብ
ምፍጣር መንግስቲ፡ ምስ ኩሉ ድኻማቱ፡
ዝተሓዋወሰ ዓወት ልዕሊ ብሕታዊ
ጽላት ከምዘመዝገበ ምግላጽ ከምዝከኣል
ይዛረብ።

ናትናኤል ዳኒኤል

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.57 5 ሕዳር 2026 - ገጽ 4

ኢትዮጵያ - ልቦና ኣብ ዝጠልብ ተኣፋፊ እዋን ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣ

ርእይቶ
ኣብ ኢትዮጵያ፡ ዶብ ኬንያ፡
ከባቢ ሞያሌ፡ ኣብ መንጎ ሓይልታት
ክልል ሶማልን ክልል ኦሮምያን
ዝተፈጥረ ዓሰርተታት ኣሽሓት ሰባት
ካብ መረበቶም ዘፈናቐለ ግጭት፣
ኣብ ኣርሲ፡ ኣብ ልዕሊ ኣመንቲ
ኦርቶዶክስ እናሻዕ ዝፍጸም ዘሎ
ቅትለት፣ ጉጅለ ብልጽግና ኣብ
መዓስከራት ተመዛበልቲ ኮነ ኣብ
ዓድታትን ከተማታትን ናይታ ሃገር
ዘካይዶ ዘሎ መጥቃዕቲ ድሮንን
ዘውርዶ ዘሎ መቕዘፍትን፣ ዛዕባ
ማዕከናት ዜና ዓለም ኮይኑ ቀንዩ
ኣሎ። ኤምባሲ ሕቡራት መንግስታት
ኣመሪካ ኣብ ኣዲስ ኣበባ እውን፡
ኩነታት ኣርሲ ኣዝዩ ከም ዘተሓሳሰቦ
ጠቒሱ፡ ዓሌታውን ሃይማኖታውን
ፖለቲካ ዝድርኺቱ ቅትለት
ሰላማውያን ሰባት ብቕጽበት ደው
ክብል ጸዊዑ።

ብብዝሒ ህዝቢን ስፍሓት መሬትን
ካብተን ዓበይቲ ሃገራት ኣፍሪቃ
ዝኾነት ኢትዮጵያ፡ መረበት ልዕሊ
80 ብሄር ብሄረሰባት፡ ሓቛፊት
ዝተፈላለየ እምነታት’ያ። ተኸኣኢልካ
ብሰላምን ስኒትን ምንባር ድማ፡

ሓደ ካብ ብሉጽ ክብርታት ህዝባ’ዩ
ነይሩ። ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ ብመንጽር
ብዝሑን ብዙሓዊ ኣቃውማኡን፡
ሓድሕዳዊ ርክባቱ ዝበዝሕ እዋን
ሰላማውን ልሙጽን’ዩ። ከም ኣብ
ዝኾነ ከባቢታት ዓለምና ሓሓሊፉ
ንኣሽቱ ግጭታት ኣየጋጥምን
ማለት ኣይኮነን። ከምዚ ኣብ ዘመነ
ብልጽግና ተፈጢሩ ዘሎ ዓሌታውን
ሃይማኖታውን ጎነጻት ግን ብብዝሒን
ስፍሓትን ይኹን ብጭካነኡ ኣብ
ታሪኽ ኢትዮጵያ ፍጹም ተራእዩ
ኣይፈልጥን።

እዚ ግጭታት’ዚ፡ ብቅሉዕን
ስዉርን መገዲ ድርኺት መንግስቲ
ዘለዎ ምዃኑ ኣዝዩ ኣሰካፊ
ይገብሮ። ፖለቲካዊ ሕቶ ህዝቢ
ብስነ-ሞጎት ሓይሊ ንምድቋስ ኣብ
ልዕሊ ህዝብታት ኢትዮጵያ (ኦሮሞ፡
ኣምሓራ፡ ትግራይን ካልኦትን) ኲናት
ኣዊጁ፡ ሃገር ኣብ ከቢድ ዓዘቕቲ
ፖለቲካውን ጸጥታውን ቅልውላው
ዝሸመመ ጉጅለ ብልጽግና መዋጽኦ
ኢሉ ዝሓሰቦ ናይ ቅብጸት ስጉምቲ
ምዃኑ ድማ ዝያዳ ኣሻቓሊ ይገብሮ።
ብዙሓዊ ኣቃውማ ዘለዎም

ሕብረተሰባት፡ ብፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡
ማሕበራዊን ባህላዊን ውህደት እዮም፡
ስሙር ሃገርን ህዝብን ንምዃን
ዝበቕዑ። ብልጽግና ግን ብኣንጻሩ፡
ዕብለላ ጸቢብ ጉጅለኡ ንምውሓስ፡
ኣብ ክንዲ ውህደትን ሃገራዊ
ስኒትን፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ዝገማምዕ፡
ሓደገኛን ኣዕናውን ፖለቲካ
ክኸተል’ዩ መሪጹ።
- ባህርያዊ ፍልልያት ኣህዛብ
ፖለቲካዊ መሳርሒ ምግባር፣
- ንቡር ምስሕሓብ መሬትን
ሳዕሪ ብላዕን እናመዝመዝካ ህዝብታት
ምግጫው፣
- ጥንታውያን ሃይማኖታት
ኦሮቶዶክስን ምስልምናን ብውሽጢ
ከም ዝገማማዓ ምግባር ጥራይ ዘይኮነ
ምስ ሓደስቲ እምነታት ምርጻም፣
- ኣብ ክልላት ኦሮሞ፡ ሶማል፡
ኣምሓራ፡ ህዝብታት ደቡብ፡ ካብ ነዊሕ
ኣትሒዞም ተሓዋዊሶም ብሰላምን
ምክብባርን ክነባበሩ ዝጸንሑ ዜጋታት
ብዓሌትን ሃይማኖትን እናራሰንካ
ምትፍናን፣
- ንህዝቢ ኦሮሞ ኣንጻር
ሰሜናውያን ምልዕዓል፣

- ንህዝቢ ትግራይ ብጸቢብ
ከባቢያዊ ፖለቲካ መቓቒልካ
ንሓድሕዱ ምፍላስ፣
- ንህዝቢ ኣምሓራ ብጉዳይ
ወልቃይት ከም ዘይሰማማዕ ገይርካ
ንሓድሕዱ ኮነ ምስ ህዝቢ ትግራይ
ምግጫው፣
- ወሎ፡ ሽዋ፡ ጎንደር፡ ጐጃም፡
ዝብል ስያመታት ከም መከፋፈሊ
ምጥቃም፣
- ኣብ ክልል ኦሮምያን
ህዝብታት ደቡብን፣ ኣብ መንጎ
ብሄረሰባት ወላይታ፡ ሲዳማ፡ ጉራጌ፡
ስልጤ፡ ጋሞ፣ ጌዶዎ፣ ጉጂ፣ ኮንሶ፣
ማጂ ወዘተ. ዘሎ ንኣሽቱ ፍልልያት
ምጉሃር፣
- ኣብ ጋምቤላ ኣብ
መንጎ ኑወርን ኣኝዋክን ዝጸንሐ
ዘይምቅዳው ዳግም ምቕስቃስ፣
- ንህዝቢ ቤንሻንጉል ጉምዝ፡
ኣንጻር’ቶም ኣብቲ ቦታ ዝሰፈሩ
ሓረስቶት ኣምሓራን ኦሮሞን
ምልዕዓል፣
- ናይ ቀደም ታሪኽ
እናልዓልካ፡ ነዚ ሓድሽ ወለዶ
ንሓድሕዱ ከምዝቃርሓንን ሕኒን
ከምዝብልን ምግባር!

ካልእ ብዙሕ ዝርዝራት ምጥቃስ
ይከኣል’ዩ። እዚ ብዘይካ’ቲ ብልጽግና
ንህዝቢ ኢትዮጵያ ምስ ጐረባብቲ
ሃገራት ንምንቛት ዘካይዶ ዘሎ ሰፊሕ
ናይ ኲናት ዘመተን ምትዅታዅን
እዩ።

ከምዚ ዓይነት መትሓዚ ዘይብሉ
ሓድሕዳዊ ግጭትን ሕንፍሽፍሽን
ዞባዊ ኲናትን ኣባሪዕካ ስልጣንካ
ክትዕቅብ ምሕላን፣ ብርግጽ ጥዕና
ዘለዎ ኣእምሮ ዝሓስቦ ኣይኮነን። ጋኔን
ብልጽግና ደም ዝጸግብ ኣይመስልን።
ህዝቢ ኢትዮጵያ ልቦና ይሃቦ።
ነዚ ውጥን ህልቂት’ዚ ከበርዕን
ዝኽእል፡ ‘ሓድሕድ ምቅትታልን
ደም ምፍሳስን ይኣክል! ኢትዮጵያ
ሰላም ኣብ ውሽጣ ሰላም ምስ
ጎረባብታ እዩ ዘድልያ’ ዝብል በሪኽ
ንቕሓትን ውሳነን ኢትዮጵያውያን
ጥራይ እዩ። ማሕበረሰብ ዓለም
ከኣ፡ ጉጅለ ብልጽግና ኣብ ልዕሊ
ህዝቢ ኢትዮጵያ ከፊቱዎ ዘሎ ሰፊሕ
ኲናትን ዘውርዶ ዘሎ መቕዘፍቲ፡
ዕንወትን ምምዝባልን ናብ ዝኸፍአ
ደረጃ ከይዓርግ ንምዕጋት እቲ
ዝግባእ ጸቕጢ ክገብር ይግባእ።

ER MEDIA
ሓደ ኢትዮጵያዊ፡ “ቤቶም
እኳ ከመሓድሩ ንዘይክእሉ በሃማት
ሰባት፡ ንሃገርና ክመርሑ ምፍቃድና
ዓብይ ስሕተት ገይርና ኢና። ምሉእ
ኢትዮጵያ ብደም ኣጨቂዮም፡ ንሱ
እውን ኣይኣኸሎምን ምሉእ ቀርኒ
ኣፍሪቃ ብደም ከጨፍቑ ዓጢቖም
ኣለዉ። ቅልጽም ኩሉና ኣሕቢርና
እንተ ዘይነቒልናዮም፡ ህዝቢ
ኢትዮጵያ ጥራይ ዘይኮነ ህዝብታት
ቀርኒ ኣፍሪቃ ጽባሕ-ጽባሕ ዳስ ሓዘን
ምትካል ክቕጽልዎ’ዮም” ይብል።

ብቕልል ዝበለ መገዲ ክዉንነት
ኢትዮጵያ፡ ዓንዳሪ ባህርያት
“ብልጽግና”ን ዞባዊ ሓደጋኡን
ዝገልጽ ዘረባ’ዩ። ንሓባራዊ ጸላኢ
ብሓባራዊ መኸተ ክንስዕር፡ ቃልስና
ከነወሃህድ ከም ዝግባእ ዘዘኻኽር’ውን
እዩ።

ጸላኢ፡ ኣንጻር ትግራይ፡ ኣምሓራ፡
ዓፈር ፡ ኦሮሞ፡ ሶማልን ካልኦትን፣
ሱዳን ሓዊስካ ኣብ ንጡፍ ኲናት’ዩ
ዘሎ። ኤርትራ ንምውራር ዝተዓንቀረ፡
ገና ዘየዋደቖ ምሽብሻቡ’ውን
ይቕጽል ኣሎ። ናይ’ዚ ክሳብ ሕጂ
ዝካየድ ዘሎ ይኹን ዝስዕብ ኲናት
ዋና ግን፡ ከምቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ
እሾዅ-መርገም ቀርኒ ኣፍሪቃ
ሕቡራት ኢማራት ዓረብ’ያ።
ኣጽዋር ትቕርብ፡ ፊናንስያዊ ደገፍ
ትህብ፡ ንዜናውን ዲፕሎማስያውን

ER MEDIA

ሓደ ካብ ሓለይትን ርህሩሃትን
ወለዲ ብምውላዱ ብዛዕባ ገዛኡ
ከይተጨነቐ ዝዓበየ፡ ዓቕሚ ኣዳም
በጺሑ ጓል ሰብ ኣምጽአ። ዝነበሮም ጸጋ
ተኻፊሎም ክነብሩ ስለ ዝተረዳድኡ
ካብታ ዝዓበየላ ቤት ከይወጸ ሓዳሩ
ወጽአ። እቶም ስድራ፡ ንወዶም ዝህብዎ
ዝነበሩ ፍቕሪ ንመርዓት ወዶም’ውን
ኣይበቐቑላን። ሓለዩላ፣ ኣሐንቀቕዋን
ኣኽበርዋን። መርዓት ሓገዝ ኮነ
ምኽሪ ደልያ ካብ ናብ ሰብኣያ ናብ
ስድራኡ ምጉያይ ቀለለላ። ወዶም
በዚ ኣይተሓጎሰን፣ ልቡ ኣይቀሰነሉን።
ሓደ መዓልቲ ከኣ “ንመርዓተይ
ናይ ምሕላይ፡ ምንባይ፡ ከምኡ’ውን
ምሕላው መሰለይ ይተሓለወለይ”
ኢሉ ንወለዱ ተማሕጸነ። እዚ ዛንታ’ዚ
ክዉን እምበር ልቢ ወለድ ኣይኮነን።
ነዚ ሓቀኛ ዛንታ’ዚ ከም መእተዊ
ወሲድና ናብ ቀንዲ ጉዳይና ክንኣቱ።

ሎሚ ቕነ፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያት፡
ኣብ ልዕሊ መንግስቲ/ግንባር “ርእይቶ
ኣሎና” “ፍልልይ ኣሎና” ወዘተ
ብዝብል ካብ ሃገራዊ ኣበርክቶ
ቦኺሮም ዝጸንሑ ኤርትራውያን፡
ነዚ ኣብ ልዕሊ ሃገርና ኣንጠጥዩ ዘሎ
ሓደጋ ንምእላይ ናብቲ ሃገራዊ
ደንበ ተሓዊሶም ኤርትራዊ መኸተ
ኣብ ምድንፋዕ እጃሞም ከበርክቱ
ምዃኖም ክገልጹን ግብራዊ ኣበርክቶ
ክገብሩን ርኢናን ሰሚዕናን። ጽቡቕ
ዝነኣድ ተበግሶ’ዩ። ኤርትራውያን
ኮይኖም ኣብ’ዛ እዋን እዚኣ ገጾም

ከውልታት ትተሓጋገዝ. . .ወዘተ።
ካብ ታንዛንያ ክሳብ ማእከላይ ባሕሪ
ዝዝርጋሕ፡ ሕልሚ ምግባት ወደባት
ከተረጋግጽ፡ ከም “ብልጽግና”፡
ዳዕም ኣ’ሰሪዕን ካልኦትን ብምዕሳብ፡
ህይወት ኣሽሓት ሱዳናውያንን
ኢትዮጵያውያንን ተህልቕ፣
ትሕተ ቅርጺን ትካላት ማሕበራዊ
ኣገልግሎትን ተዕኑ፡ ወርቂ ትዘምት
ኣላ።

ንኤርትራ ዝሕሰብ ዘሎ’ውን፡
ይስለጦም ኣይስለጦም ከምዚ
ኣብ ልዕሊ ጎረባብትና ዝፍጽምዎ
ዘለዉ ክኸውን ከም ዝኽእል
ኣይንስሕቶን። ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ

ጥራይ ካብ ኢማራት (ኣልዐይንን
ወተሃደራዊ መደበር ኣልሪፍ

ኣቡዳቢን) ናብ ኢትዮጵያ (ቦሌን
ኣሶሳን)፡ ወተሃደራዊ ንዋት ናይ
ዝጸዓና ቦይንግ 747 ክሳብ 81
በረራታት ከም ዝበጽሕ ዝተፈላለዩ
ምንጭታት ይሕብሩ ኣለዉ።
እዚ፡ ህይወት “ብልጽግና” ይኹን
ዳዕም ኣ’ሰሪዕ ኣብ ደገፍ ኢማራት
ተንጠልጢሉ ምህላዉ ዘረጋግጽ’ዩ።
ስለዚ መኸተና ኣንጻር “ብልጽግና”
ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣንጻር ኣዕናዊ
ምምትእትታው ኣቡዳቢ’ውን፡
ብዝተፈላለየ ሓባራዊ ንጥፈታትን

ዘመተታትን (ዜናዊ ዲፕሎማስያዊ)
ክሕይል ከም ዘለዎ ግምት ክንህቦ
ይግባእ። ሓባራዊ ጸላኢ፡ ሓቢርና
ንመክት!

ሓባራዊ ጸላኢ፡ ሓቢርና ንመክት!
ዝኽውሉ፡ ነብሶም ዘግልሉ፡ ገንዘቦም
ዝበቁ፡ ኣጆና ዘይብሉ፡ ጽባሕ ንግሆ
“ተወለድቲ ደቂ ኤርትራ” እምበር
ኤርትራውያን ኣይክበሃሉን እዮም።
“ተወሊደላ ምባል የብሉን ጣቋ” ከም
ዝተባህለ። ንመክት ንብል ዘለና ሎሚ
ንኽንነብር ኣይኮነን፣ ምእንቲ ውሑስ፡
ቅሱን ከምኡ’ውን ክብሪ ዘለዎ መጻኢ
ኢና። ሎሚ ምስ መዓልታዊ ህይወት
ንገጥም’ውን ንሎሚ ዘይኮንናስ ንጽባሕ
ኢና። ከም ዜጋታት፡ ጽባሕ በዚ ሎሚ
እንወስዶ መርገጺ ኢና ክንጸባጸብን
በቦታና ክንሕዝን።

ንናጽነትን ልኡላውነትን ኤርትራ
እጃምካ ምብርካት፡ ንዝኾነ ፍቓድ
ምሕታት ኣየድልን እዩ። መንግስቲ
ዝለዓለ ስልጣንን ሓላፍነትን
ንምክልኻል ሃገር ተሰኪሙ ዘሎ ኣካል
ስለ ዝኾነ ግን ደገፍና (ነገራውን
ዘይነገራውን) ክምእከል ኣለዎ። ኩሉ
ናብ ሓንቲ ቦኽራ ክኣቱ እንከሎ
ኣበርክቶታትና ከም ዘድምዕን ዝስስንን
ምርዳእ ኣገዳሲ እዩ። ምኽኒት ናይ
ተበለጽትን ተወላወልትን ሚዛን ኮነ
ተዛማድነት የብሉን። ታሪኽ ብብጉሳት
እምበር ብኣመኽነይቲ ከም ዘይስራሕ
እቲ ክሳብ ሕጂ ዝመጻእናሉ ተመኩሮ
እኹል ኣብነት እዩ። ጽባሕ ንግሆ
ዓው ኢሉ ክዛረብ፡ ርእሱ ኣቕኒዑ
ክዛወር፡ ከም ሃገራዊ ብዛዕባ ጉዳያት
ሃገሩ፡ ዝምልከቶ ዋና ኮይኑ ክማጎት
ዝደሊ ዜጋ፡ ሎሚ ዜግነታዊ ግቡኡ
ክፍጽም ይግባእ። ኣብዚ እዋን
ክተት ምኽታት ግዴታ ጥራይ ዘይኮነ
መሰል እውን እዩ። ኤርትራዊ ኮይንካ
ንድሕነት ሃገርካ ክትቁርቆርን ዓቕምኻ

ክትገብርን ብዓል መሰል ኢኻ።
ኤርትራ ንድሕነታ ንዝተላዕለ ሰባ
ኣበይ ኔርካን መን ኢኻን ትብል ሃገር
ኣይኮነትን። ከም ኤርትራውያን
ንሃገርና ናይ ምሕላይ፡ ምንባይ፡
ከምኡ’ውን ምሕላው መሰልና ሕሉው
እዩ። ምኽታት ንሃገራዊ ድሕነት-
መሰልን ግዴታን’ዩ!

ምኽታት ንሃገራዊ ድሕነት - መሰልን ግዴታን

ሰዓት መደብ

10፡15 ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ
ኣካዳሚያዊ መደብ
11፡45 ደርፊ
12፡00 ሃገራዊ መዝሙር
12፡02 መደብ

12፡30 ዜና (ትግርኛ)
12፡50 ዜና ስፖርት
12፡55 መደብ ቡያ

13፡30 ዜና (ዓረብ)
13፡45 ዕላል ጥበባት
14፡20 ሃብቲ ባሕሪ
14፡50 ማህደር
15፡30 ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ
ኣካዳሚያዊ መደብ

17፡00 ዜና (ትግርኛ)
17፡15 ደርፊ

17፡30 ዜና (ዓረብ)
17፡45 መደብ ናትራን
20፡00 ዜና ትግረ
20፡15 ፊልም ገጽታ

21፡00 ዜና (ትግርኛ)
21፡25 ፈንቅል

22፡00 ዜና (ዓረብ)
22፡10 ሕዋራት

22፡30 ዜና (እንግሊዝ)
23፡00 እትመት

ሎሚ ኣብ ERI-TV

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.57 5 ሕዳር 2026 - ገጽ 5

“ኩሉ ድሕሪ ሃገር” ዝብል ኣበሃህላ፡
ኣብ ኤርትራዊ ሕብረተሰብን
ፖለቲካዊ ባህልን ዓሚቝ መሰረት
ዘሎዎ፡ ልኡላውነትን ድሕነትን
ሃገር ቅድሚ ዝኾነ ይኹን ውልቃዊ
ድሌታት ከም ዝስራዕ ዘመልክት
ኣምር’ዩ። ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ
(1961–1991) ኤርትራውያን
-መንእሰያትን ዓበይትን - ናይ
ገዛእ ርእሶም ጸገማትን ህይወትን
ወንዚፎም፡ ንሓባራዊ ዓወትን ናጽነትን
ቀዳምነት ሂቦም ሳላ ዝተጋደሉ ናጻ
ኤርትራ ተፈጢራ። “ኩሉ ድሕሪ
ሃገር” ንኹሉ ዜጋ ኣብ ትሕቲ ሓደ
ናይ ሓባር ዕላማ ንኽዓጕግ ዘኽኣለ፡
ውጽኢት ክብ ዝበለ ንቕሓት እዩ።
“ኩሉ ድሕሪ ሃገር” ዝብል ታሪኻዊ
ውርሻ፡ ንኤርትራ ካብ ናይ ህላወ
ሓደጋታት ዘድሓነን ንናጽነት
ዘብጸሐን ልኡላውነት ዝዓቀበን
መትከል እዩ።

“ኩሉ ድሕሪ ሃገር” ከም ፍልስፍና
ክርአ እንከሎ ሃገር እንተ ዘይሃልያ፡
ኩሉ ዝተረፈ ነገር ባዶን ዘይውሑስን
እዩ ኣብ ዝብል መትከል ዝተመርኮሰ
እዩ። ሓደ ሰብ ኣብ ውሽጢ ፈራስ
ወይ ዝነድድ ዘሎ ገዛ ኮይኑ ዘዐውቶ
ውልቃዊ ምርጫ የለን። ቅድም እቲ

ገዛ (ሃገር) ካብ ምፍራስ ወይ ምንዳድ
ኣድሒኑ እዩ ውልቃዊ ህይወቱ
ክቕጽል ዝኽእል። ውልቀሰብ ካብቲ
ዝነብረሉ ሕብረተሰብ ወይ ሃገር
ወጻኢ ዝተፈልየ ህላወን ትርጉምን
ከም ዘይብሉ’ውን ዘመልክት እዩ።
ውልቀሰብ ካብ ሃገሩ ተነጺሉ ናጻ
ክወጽእ ወይ ክምዕብል ኣይክእልን።
ስለዚ፡ ሃገር እንተ ዘይሃልያ ዝሕሎ
ናይ ውልቀሰብ መሰል፡ ዝሰምር
ባህጊ፡ ዝትግበር ውጥን፡ ዝድሕን
ህይወት፡ ዝጥረ ሃብቲ፡ ዝሕሎ ክብሪ
የለን። “ኩሉ ድሕሪ ሃገር” ማለት
መሰረትን ቅድመ ኩነትን ኩሉ ነገር

ሓሳባት “ኩሉ ድሕሪ ሃገር”

ሸባብ

ሃማመተኤ

ሃገር እያ ማለት እዩ።

መንእሰይ ኤርትራ ኣብ ዝተፈላለየ
ታሪኻዊ ምዕራፋት፡ ናይ ገዛእ ርእሱ
ውልቃዊ ባህግታትን ድሌታትን
ወንዚፉ፡ ንሃገራዊ ድሕነትን ምዕባለን
ቀዳምነት ክህብ ጸኒሑን ኣሎን።
ናጽነትን ልእላውነትን ኤርትራ
ንምኽባር ዝተሰብረን ዝጠፍአን
ዕድላት ናይ መንእሰያት ኣዝዩ
ብዙሕ እዩ። ደበስ ናይቲ ዝተኸፍለ
ናይ ህይወትን ዕድልን መስዋእቲ
ህላወ ናጻ ኤርትራ እዩ። ዋጋ ናይቲ
ዝተኸፍለ መስዋእትን ዝተሰብረ
ዕድላትን ብሓደ ወገን፡ ዋጋ ናይታ
ዝተረኸበትን ዘላን ናጻ ኤርትራ ድማ
ብኻልእ ወገን ክልተኡ ክቡር’ዩ።
ሃገር እንተ ዘይትህሉ ነይራ፡ እቲ
ዝተኸፍለ መስዋእትነት ኩሉ ባዶን
ትርጉም ኣልቦን ምኾነ ነይሩ።
ኤርትራ ምህላዋ ግን ንነፍሲወከፍ
ዝተኸፍለ መስዋእትንን ዝጠፍአ
ዕድልን ታሪኻዊ ትርጉምን ክብርን
ለቢሱ ይርከብ።

ኤርትራዊ መንእሰይ ዓቢ ፍቕሪ
ሃገር ሰኒቑ ንሃገሩ ህይወቱ ክሳብ
ምሃብ ዘብጽሕ ናይ ሓባር ስምዒት
ሳላ ዝሓደሮ ኤርትራ ሓይሊ ኮይና

ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት ንጸላእታ
ኣድኒና’ያ። ኤርትራ ንኽብራ
ብረት ካብ ዘልዓለትሉ ክሳብ ሕጂ
ኣብ ነብሳ ኣሚና ነብሳ ንምክልኻል
ሓይሊ ውሒድዋ ኣይፈልጥን እዩ።
ካብ ወለዶ 1960ታት ክሳብ ወለዶ
2020ታት ዝተፈጥረ መንእሰይ
ኣብ ቅድሚኡ ነንዝተገተረ ብድሆ
ክብድህ ጸኒሑ ኣሎ። ሰንሰለት
ጅግንነት ኤርትራ ነፍሲወከፍ ወለዶ
ናቱ ቀለቤት እናለቀበ ስለ ዝመጽአ
ኣይተበትከን። ንቕልጽም ኤርትራዊ
ዝጠዊ ሓይሊ ኣይተራእየን። ከምቲ
ንዘይትጠውዮ ኢድ ትሳለሞ ኢኻ
ዝብሃል ከኣ መወዳእታ ዕጫ ናይቶም
“ኣጥፋእናኩን ጠሓርናኩም” እናበሉ
ዝመጽኡ ዓመጽትን ገዓርትን ሰጊድካ
ኢድ ኤርትራዊ ምስላም እዩ ኮይኑ
ጸኒሑ። ዕጫ ናይዚ ኣብ ኣዲስ ኣበባ
ኮይኑ ትንዕ ድንዕ ዝብል ስርዓት ከኣ
ካብ ዕጫ ናይቶም ዝሓለፉ ስርዓታት
ዝፍለ ኣይክኸውንን እዩ።

ኤርትራ፡ ኩሉ ነገር ገዲፎም
ናብ ቃልሲ ብዝተሰለፉ መንእሰያት
እያ ከም ሃገር ተወሊዳ። ድሕሪ
ናጽነት እውን ኤርትራዊ ሃገራዊ
መንነትን ልኡላውነት ኤርትራን

መኸተ ዝተፈልየ’ዩ። እዚ ስርዓት’ዚ
መሬታዊ ሓድነትና ጥራይ ዘይኮነስ
ህላወና ከም ህዝቢ፡ ከም ሃገር እዩ
ኣብ ምልክት ሕቶ ዘእትዎ ዘሎ።
ማይ ኣስትዩኒ ዘይኮነስ ነቲ መትሓዚ
ማይና እዩ ክሰብሮ ወይ ክምንዝዖ
ዝደሊ ዘሎ። ፍሉይ ስግኣት ፍሉይ
መኸተ ስለ ዝጠልብ፡ ነፍሲወከፍ
ዜጋ ኣብ መስመር ምክልካል
ልኡላውነትን ህላወ ክኣቱ እዋኑ’ዩ።

እዚ መኸተ’ዚ ብፍላይ
ንመንእሰያት ፍሉይነት ኣሎዎ። ካብ
ወረስቲ ታሪኽ ምዃን ኣውጺኡ
ናብ ፈጠርቲ ሓድሽ ታሪኽ ዘሰጋግር
መኸተ ብምዃኑ፡ ኣብ ዝሃለና ንሃሉ
በብኽእለትና እጃምና ከነበርክተሉ
ኣሎና። ታሪኽ ነዞም ሕጂ ዘሎና
ወለዶ ዓቢ ሕቶ ቀሪቡልና ኣሎ።
እቲ ሕቶ ዓቂብካኒዶ፧ ኣጽኒዕካኒ/
ፈሊጥካኒዶ፧ ኣይኮነን። ነቲ
“ዝተረከብካዮ ታሪኽ ንምሕዳስ፡
ንምዅላዕ እንታይ ትገብር ኣለኻ፧”
ዝብል’ዩ። እዚ ሕቶ’ዚ፡ “ኣብ
መትከሎም፡ ኣብ ኣሰሮም ኣለና”
ብምባል ዝምለስ ሕቶ ኣይኮነን።
ወለዶና ነቲ ክሳብ ሕጂ ከይተበትከ
ዝቐጸለ ሰንሰለት ናይ መኸተ
ሓድሽ ቀለቤት ለቂብና ክንቅጽሎ
እንከለና እዩ ዝምለስ። ነታ ዝሓለፉ
ወለዶታት ብደሞምን ርሃጾምን
ኩለንትናዊ መስዋእቲ ከፊሎም፡ ኩሉ
ነገሮም ገዲፎም ዝተኸልዋ ሃገር፡
ንሕና እውን ብደምና፡ ብርሃጽና
ንኽንሕልዋን ከነሰጋግራን ትጉሃትን
ድሉዋትን ከም ዘለና ከነርኢ ኣሎና።

ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ
ርእሲ ኲናት ናይ መኸተ ኮይኑ
ክብርን ልኡላውነትን ሃገሩ ብትኹረት
ይሕሉ ኣሎ። ሓይልታትና፡ ሓይሉ
ናይ ምውጥዋጥ ልማድ የብሉን።
ኣየወጣውጦ ደኣ እምበር፡ በትሩ ግን
ኣብ ኢዱ’ዩ ዘሎ። መኸተ ወተሃደራዊ
ጥራይ ኣይኮነን። ደራፋይ ብልሳኑ፡
ጸሓፋይ ብብርዑ፡ ገጣማይ ብግጥሙ፡
ብዓል ሃብቲ ብንዋቱ፡ ምሁር
ብፍልጠቱ፡ ብዓል ሞያ ብኽእለቱ፡
ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ ዝነጥፍ
ብመድረኹ ይመክት። ሕጂ’ውን
ኩሉ ድሕሪ ሃገር!

ክዕቀብ ዝኸኣለ ብቐንዱ በቶም
ኩሉ ነገር ገዲፎም ኣብ መስመር
መኸተ ደው ዝበሉ ደቂ ኤርትራ
እዩ። ትብዓትና፡ ተስፋና፡ ባህግና፡
ክብርታትና ኣሕዲጎም ዘርሞ
ዘርሞ ንምግባርና ዝተፋሕሰ ፍሕሶ
ንምፍንጣሕ፡ ልዕለ ሰብኣዊ ጽንዓት
ኣርኢና ኢና። ካብ ሓኾርናዮ ኣስካላ
ክብሪ - ሰብኣውን ሃገራውን ክብሪ
- ኣውሪዶም ኣብ ጭቃ ሕስረትን
ውርደትን ከውድቑና ገሊኦም
ሃንደስቲ ገሊኦም ከኣ ተለኣኣኽቲ
ኮይኖም ሕጂ’ውን ይሰርሑ ኣለዉ።
ንናጽነቱን ልእላውነቱን ክቡር ዋጋ
ዝኸፈለ፡ ጣዕሚ ናጽነትን ክብርን
ዝጠዓመ ኤርትራዊ ሎሚ ተሓጺቡ
ናብ ጭቃ ከይዱ ከንገርግር ዝሕሰብ
ኣይኮነን። እቶም ዘይሕሱብ ዝሓስቡ
ካብ ሓሰብዎ ግን ንሓሳቦም ካብ
ምብታን ካልእ ምርጫ የብልናን።

እዚ ሕጂ ኣንጻር እዚ ዓምጣርን
ፈካርን ስርዓት ብልጽግና እንገብሮ
መኸተ፡ መሬትናን ባሕርናን
ንምክልኻል ጥራይ ኣይኮነን።
እዚ መኸተ’ዚ ካብቲ “ኣሽንኳይ
ስድሪ መሬት ዕማኾ ሓመድ’ኳ
ኣይንህብን” ኢልና ዝገበርናዮ

ንኽልተ ክፍለ ዓለማት፡ ሃገራት፡
ዞባታት፡ ዓድታት ይኹና ገዛውቲ
እውን ከይተረፈ ሓንቲ ካብታ
ሓንቲ ዝፈላለያሉ ናይ ገዛእ ርእሰን
ዶባት ኣሎወን። ልክዕ ከምቲ
ቦታታት ብዶብ ዝፈላለ፡ ዝኾነ ሰብ
እውን ካብ ካልእ ሰብ ዝፈልዮ፡
ናተይ ዝብሎ ዶብ ክህሉዎ ኣዝዩ
ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ ሃገር ካብ
ሃገር ብዶብ ክትፍለ ከላ ብዘይ
ምኽንያት ኣይኮነን፣ ናይ ገዛእ
ርእሳ ጸጥታን ሰላምን ንምውሓስ
ኮነ ንምዕቃብ ተባሂሉ እዩ። ሓደ
ሰብ ናቱ ዶብ ክፈልን ክሕሉን

ዶብካ ሓሉ

ይግባእ ክንብል ከለና እምበኣር፡ ምስ
ሰባት ክትቀራረብ ከለኻ እትሕሉዎ
ርሕቀት ክኸውን ይኽእል። ውልቃዊ
ርሕቀት ናይ ክልተ ዝፋለጡን
ጽቡቕ ገይሮም ዝቃረቡን ሰባት
ውሱን ዓቐን ምስ ዘይህሉዎ ጸገም
ይፍጠር። ከምኡ ድማ ሓደ ሰብ
ምስ ማሕበረ ሰቡ ዘሎዎ ርሕቀት
ብዝግባእ እንተ ዘይተለኪዑ፡ ኣብዚ
እውን ጸገም ይፍጠር። እዚ ማለት፡
ናብ ሓደ ሰብ ኮነ ሕብረተሰብ ካብቲ
ዝግባኣካ ንላዕሊ እንተ ተጸንቢርካ፡
ናይ ባዕልኻ ክብርን መለለይን
ተጋሂሱ፡ ኣብ ንስነትካ ተቓጻጺ

ምጥራይ ማለት’ዩ።
እቲ ክትኮኖ እትደሊ ምእንቲ
ክትከውን ምስቶም ዝተፈላለየ
ሕብርታት ዝወነኑ ኣብ ዙርያኻ
ዘለዉ ሰባት ብኸመይ ትወሃሃድ
ንኽትርዳእ ካብኣቶም ርሕቕ ኢልካ
ምዕዛብ የድሊ። ምስኦም ተጸንቢርካ
ትዕዘብ እንተ’ለኻ ግና፡ ናቶም እምበር
ናትካ ሸነኽ ምርኣይ ስለ ዘይከኣለካ፡
ውህደትካ ምስ ካልኦት ተጠንቀቐሉ።
ክትከዶ ናብ እትደሊ ቦታ ምእንቲ
ክትበጽሕ፡ ካብቶም ናባኻ ኣመና
ተጣቢቖም ንድሕሪት ዝጐሱኻ
ሰባት፡ ባህርያት፡ ኣባህላታትን ድሕረ
ባይታን ረሓቕ። እቲ መሰረታዊ
ሓበሬታ ናይ ካልኦት ከም መበገሲ
እምበር፡ ኣብ ናትካ ዕላማ ጣልቃ
ኣትዩ ከም ዝውስን ባእታ ከይከውን

ልቦና

ስምኦን ወልደሚካኤል

ስእሊ፥ ኤፍሬም ሃብተጽዮን

ኣቐዲምካ ረሓቐሉ። ናትካ ዓንኬል
ሰሪሕካ ካብ ዙርያ እቲ ዓንኬል
ከይወጻእካ፡ ንኻልኦት እውን ናብኡ
ከይጸምበርካ ተጓዓዘሉ። እቲ ቀዳማይ
ስጕምቲ፡ ምስ ፍጥነት ካልኦት
ክትቃነ ዘይምፍታንን ብናቶም መገዲ
ዘይምጕዓዝን እዩ።
ኣብ ናትካ ህይወት ኣትዩ፡ ክውስን፡
ክቕልስ፡ ክሰርሕ ንዝደሊ ኣካል ዲል
ኣይትሃቦ። ንስኻ እውን ኣብ ናይ
ካልኦት ህይወት ከምኡ ኣይትግበር።
ኵሉ ሰብ ንናቱ መስመር ተኸቲሉ
ክጓዓዝ ጥራሕ’ዩ ዘሎዎ። ምናልባት
እዚ ነገር፡ ካብ ሰብ ርሓቕ፡ ተነጸል፡
በይንኻ ኩን ከስምዕ ይኽእል
ይኸውን። እቲ ሓቀኛ መልእኽቱ
ግዳ ከምኡ ኣይኮነን። ኣዕሩኽ
ይሃልዉኻ፡ ምስ ሰብ ኢሂን ምሂን

በል ሓሳባትካ ኣካፍል፣ ኵሉ ግን
ካብ ግቡእ ዓቐኑ ኣይሕለፍ። ሰባት
ብዛዕባኻ እቲ ክፈልጡዎ ዘሎዎም
ጥራሕ ይፍለጡ፣ ምሳኻ ናብቲ
ዝምልከቶም ጥራሕ ይኺዱ፣ ኣባኻ
እቲ ዘፍቀድካሎም ጥራሕ ይወስኑ።
ኪንዮ’ዚ ደረት፡ እንታይነትካ
ሰጊሮም ኣባኻ ዘይናትካ ሓሳብ
ከስርጹ፡ ዘይናትካ መንነት ክፈጥሩ፡
ዘየርብሓኻ ቀይዲ ከተኣታትዉ
ኣይትፍቀደሎም።
እዚ ፍሉጥ’ዩ። ኵሉ ድማ ኣብ
ነብስኻ ኣብ ምስራሕ ዝምርኰስ
እዩ። ነብስኻ ኣብ ምስራሕ ድማ
ናይ ብሕትኻ ርሕቀት ኣጽንዕ፡
ርሕቀትካ ከይድፈር ድማ ዶብካ
ሓሉ!
ብርዒ ወጋሕታ

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.57 5 ሕዳር 2026 - ገጽ 6

ምልክታ ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል
ኣስመራ

ህዝባዊት የማነ ገብረእየሱስ ምባል ተሪፉ፡ ህዝባዊት
ሓድጉ ሃብተጊዮርጊስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ
ዝበለት፣ 10/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ
ቁ.38 ይቕረብ።

ብፍ/በ/ዕዳ ሰለሙን ደበሳይ ሸከር፡ ብፍ/በ/መሰል
ሮቤል በረኸት ወልደኣብ፡ ንጉዳይ ፈጽሚ
ዝምልከት ምልክታ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ መልሲ
ሒዝካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/12/26
ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡
ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ሳባ ይሳቕ ገብረጊዮርጊስ፡ ብዓል ቤተይ ሞኮነን
ጊላይ ገብረየሱስ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ
መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቁ ድማ ወረስቲ
ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን1/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ
ቁ.32 ይቕረብ።

ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ነፍ/ዘይኑ ዓሊ ዘይኑ 1.ዝበይዳ
ኢብራሂም 2.ዘምዘም ዘይኑ ዓሊ 3.ሰሚራ ዘይኑ
ዓሊ 4.ዓብዱ ዘይኑ፡ ብፍ/በ/መሰል ዮሱፍ ሓጎስ
መሓመድብርሃን ንጉዳይ ፈጽሚ ዝምልከት
ምልክታ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ መልሲ ሒዝካ ብኣካል
ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ
መጋባእያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ
ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ጽገወይኒ ዘርአ ወልደዳዊት፡ ወደይ ዳኒኤል
ገብራይ ምንያ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ወራሲት ምዃነይ
ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን1/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ መሓሪ በላይ ሃይለ፡ ሓትነይ ጽገወይኒ ቀሺ
ጸጋይ ዓንደማርያም ስለዝዓረፈት፡ኣመልካቲ ወዲ
ሓፍታ ምስ 1ሓፍታን ተተካእቲ ደቂ ኣሕዋታ
27 ንሕና ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና
ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/12/26 ኣብ
ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጽገወይኒ ሃይለሚካኤል በራኺ፡ ኣዴና ኣስካሉ
ገብረሂወት ዑቕቡን ኣቦና ሃይለሚካኤል በራኺ
ላሊኮን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ
ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ
ይቕረብ።

ሚዛን ሱልጣን መሓሪ፡ ብዓል ቤተይ ኢሰያስ
ኣርኣያ ዑቕባጽዮን ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ
መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 10 ደቁ ድማ ወረስቲ
ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን1/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ
ይቕረብ።

ሳማንታ ኣንቶንዮ ሳህሎ ምባል ተሪፉ፡ ሳማንታ
ኣንቶንዮ ሳንቶ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ
መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ተስፋልደት ኪዳነ ክፍለ፡ ኣቦና ኪዳነ ክፍለ
ሓያሉን ኣዴና ምብራቕ ተስፋስልሴ መዲንን

ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 7 ህሉዋት 1 ስዉእ ተተካእቲ
ደቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ
መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ሂወት ስብሃትልኣብ ወልደሩፋኤል፡ ብዓል ቤተይ
በረኸት ኣስፍሃ ሰለሙን ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ
መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ
ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ
መጋባእያ ይቕረብ።

ኢላርያ ሳህሎ ቱርኮ ምባል ተሪፉ፡ ኢላርያ ኣንቶንዮ
ሳንቶ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን1/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ
ይቕረብ።

ኣታኽልቲ ቦኽረጽዮን ገብረህይወት፡ ስም ኣደይ
ለተብርሃን ወልደገብርኤል ብርሃነ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ
ምስ 2 ኣሕዋተይን 6 ተተካእቲ ደቂ ሓፍተይን
ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን26/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ
ቁ.38 ይቕረብ።

ሄኖስ ራሕሲ ግርማ ምባል ተሪፉ፡ ሄኖስ ራሕሲ
ግርማይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ/ት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ
መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ምሕረት ሃይለ ዘራጼን፡ ወደይ ዮናታን
ዘካርያስ ዳንኤል ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ወላዲቱ ወራሲት
ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን1/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ዓንዶም ነማርያም ገብረመድህን፡ ብዓል ቤተይ
ብርሂን ሃብተገርግስ ባርያሚካኤል ስለዝተሰወአ፡
ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወይ፡ 5
ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ
ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ
መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ብፍ/በ/ዕዳ ፍስሃየ ሞጎስ በርሀ፡ ብፍ/በ/መሰል ጳውሎስ
ስምኦን ተስፋሚካኤል፡ ንጉዳይ ፈጽሚ ዝምልከት
ምልክታ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ መልሲ ሒዛካ ብኣካል
ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ
መጋባእያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ
ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳሲት ፍረወይኒ ስዩም ዓንደሚካኤል፡ ተኸሳሲ
መሓመድ ዑስማን ስዒድ፡ ንጉዳይ ስም ምትሕልላፍ
ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ መልሲ ሒዝካ
ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/12/26 ኣብ ቤ/ፍ
8ይ መጋባእያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ
ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ሳይሞን ተስፋይ ኣብርሃ ምባል ተሪፉ፡ ያሲን
ተስፋይ ኣብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ
መጋባእያ ይቕረብ።

ኣፎምያ ጠዓመ ገብረማርያም፡ ኣቦይ ጠዓመ
ገብረማርያም ተድላ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 9
ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ

ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/26 ኣብ ቤ/ፍ
10ይ መጋባእያ ቁ.38 ይቕረብ።

መርየም ዘርኣይ ሓጎስ ምባል ተሪፉ፡ ምርያም
ዘርኣይ ሓጎስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን03/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ
መጋባእያ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ኣቶ ኣብርሃም ዘሙይ፡ ኣደይ ነብያት ሃይለ
ገብረሂወት ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ
ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን1/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ሳሮን ተስፋልደት ገብረእግዚኣብሄር፡ ስም ኣደይ
ጽገነት መልኣከ ምባል ተሪፉ፡ እጸገነት መልኣከ
ገብረኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መርሃዊት ተስፋልደት ገብረእግዚኣብሄር፡ ስም
ኣደይ ጽገነት መልኣከ ምባል ተሪፉ፡ እጸገነት
መልኣከ ገብረኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ሮዛ ተስፋልደት ገብረእግዚኣብሄር፡ ስም ኣደይ
ጽገነት መልኣከ ምባል ተሪፉ፡ እጸገነት መልኣከ
ገብረኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓሪተ ተኸስተ ኣባዲ፡ ብዓል ቤተይ መንግስትኣብ
ሃብቶም ወርቀ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ
መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ
ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን26/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ሰናይት ተስፋዝጊ ነጋሲ፡ ስም ኣደይ ዳሃብ
ገብረብርሃን ተስፋማርያም ምባል ተሪፉ፡ ተበርህ
ገብረሚካኤል ኪዳነማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ
ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/12/26 ኣብ
ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሄኖክ ይሕደጎ ዓንደማርያም፡ ኣቦሓጎይ ካሕሳይ
ዓንደገርግስ ባይሩን ዓባየይ ኣወጣሽ ዑቕባገርግስ
ዓንደሚካኤልን ስለዝዓረፉ፡ ምስ 4 ኣሕዋተይ ደቀን
ተተካእቲ 11 ደቂ ደቀን ጥራይ ወረስቲ ምዃንና
ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡
ን25/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሄኖክ ይሕደጎ ዓንደማርያም፡ ኣዴና ሳባ ካሕሳይ
ዓንደገርግስ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ
ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን25/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ሳልሕ ኢብራሂም ሳልሕ፡ ስም ኣደይ ፋጥና ዑመር
ማሕሙድ ምባል ተሪፉ፡ ዛህራ ዑመር ማሕመድ
ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን27/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰናይት ተኽለማርያም እልፋ፡ ብዓል
ቤተይ እዮብ ወልዳይ ተስፋማርያም ስለዝተሰወአ፡
ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 11
ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/11/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ዃላ

ክብሮም ዑቅባማርያም ገብረመስቀል ምባል
ተሪፉ፡ በረኸት ዑቅባማርያም ገብረመስቀል
ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን1/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፍሊሞን ከሰተ ኣርኣያ ምባል ተሪፉ፡ ልኡል
ከሰተ ኣርኣያ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ ሙሉጌታ ምሕረትኣብ ሃብቱ፡
ተኸሳሲት ወ/ሮ ገብርኤል ገርግሽ ተስፋማርያም፡
ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ
ብሕጋዊ ወኪል ን1/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

ከሳሲት ፋኑስ ፍስሃየ፡ ተኸሳሲ ፍትዊ ዘውደ፡
ናይ ኣቦነት ጉዳይ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል
ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/11/26 ኣብ ቤ/ፍ
ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ
ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ በየና ሰለሙን በራኺ፡ ብዓል ቤተይ ጠዓመ
ተስፋገርግስ ጻዕዱ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ
መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 13 ደቁ ድማ ወረስቲ
ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን3/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላ በርዕድ

ሓረጉወይኒ ወልደርፋኤል ኪዳነ ምባል ተሪፉ፡
ዘቢብ ወልደርፋኤል ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ
ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/26 ኣብ
ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወሃቢት መልሲ ወ/ሮ ጅምዕያ ጅመዕ
ሓድገምበስ፡ ይግባይ በሃሊ ኣቶ ቴድሮስ ከሰተ
ኣስገዶም፡ ይግባይ መረረ ኣብ ቤ/ፍ ቀሪቡ ስለ
ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/11/26
ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ
ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ኣመልካቲ ብዕለት 15/03/2010 ዓ.ም ካብ
ወናኒ መኪና ኣቶ ሑመድ ፍካክ፡ ሚስትቡሽ
ዝዓይነታ መኪና ቁ.ሰሌዳ ER-1-11779፡
ቻሲ ቁ.01021 ፐይ 102097፡ ቁ/ሞተር 4ጂ
32ዲጅ9554 ዝኾነት መኪና፡ ብዋጋ 17.000.00
(ዓሰርተ ሸውዓተ ሽሕ ናቕፋ) ዓዲገ። እንተኾነ
ዋና መኪና ኣድራሽኡ ስለ ዝጠፈኣኒ፡ ናብ ስመይ
ከሰጋግር ስለዘይከኣለ ብጋዜጣ ይጸወዓለይ ስለ
ዝበለ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/11/26
ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ናብ ስመይ
ክትሰጋገር ምዃና አፍልጥ።

ሓዳስ ኤርትራ 5 ሕዳር 2026 - ገጽ 7

ምልክታ ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

መበል 36 ዓመት ቁ.57

1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል
ኣስመራ

መ/ወሃቢ ኣቶ ሮቤርቶ ቸሩቸራ፡ ብመንገዲ
ይ/በሃሊት ወ/ሮ ኣዜብ ኤልያስ ተኽሉ፡ ሕጋዊ
ወኪል፡ ናይ ይግባይ ክርክር ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡
ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/11/2026
ኣብ ቤት ፍርዲ ቁ.39 5ይ መጋባእያ ቅረብ።
እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ
ምዃኑ ነፍልጥ።

ብፍ/ሰ/ዕዳ ኣቶ ኣስገዶም ዘርኦም፡ ብመንገዲ
ብፍ/ሰ/መሰል ኣቶ ኣስፋው ዘርአ ሃብተማርያም፡
ናይ ፈጽሚ ክርክር ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል
ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/11/26 ቁ.39 5ይ
መጋባእያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ
ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

መጎስ ሃይለ ዑቕባክርስቶስ፡ ኣቦይ ሃይለ
ዑቕባክርስቶስ ነባራይ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 4
ህሉዋት ኣሕዋተይ 5 መወትቲ ተተካእቲ 22
ደቆም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ
መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ኣብርሀት ጸሃየ ቢተው፡ ኣቦይ ጸሃየ ቢተው
ወልዱን ኣደይ ልኡል ኣባሻማ ተስፉን ስለዝዓረፉ፡
ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና
ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/11/26 ኣብ
ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሰሎሜ ተመስገን ኣለማዩ ምባል ተሪፉ፡ ሰሎሜ
ተመስገን ኣለማየሁ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/12/26 ኣብ ቤ/ፍ
10ይ መጋባእያ ቁ.38 ይቕረብ።

ሳራ ተኽለኣብ ወልደሚካኤል፡ ኣደይ ሃይማኖት
ተስፋዝጊ ገብረስላሴ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ
ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ
መጋባእያ ይቕረብ።

ብርኽቲ ኣማኒኤል መብራህቱ ምባል
ተሪፉ፡ ብርኽቲ ኣይምነን መብራህቱ ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32
ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣበባ ወልደዳዊት ኣበይኔሩ፡ ብዓል ቤተይ
መአር ሃብተኣብ ዓንደማርያም ዑቕባስላሴ
ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ
ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም
ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጽገወይኒ ኣብርሃም ቀለታ፡ ብዓል ቤተይ
ሃይለ ሞኮነን ኪዳነ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ
መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ
ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን1/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ
ቁ.32 ይቕረብ።

ጸገዝኣብ እስቲፋኖስ ስብሃቱ፡ ኣደይ ዘውዲ
ገብረመድህን ወልደሃዋርያት ስለዝዓረፈት፡ ኣነ
ምስ 2 ህሉዋት ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና
ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን3/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49

ይቕረብ።
ሂባ ዓብዱ ደላል ምባል ተሪፉ፡ ሂባ ዓብዱ ጀላል
ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን3/12/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ
ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

1.ኣቤል ሙሴ 2.ሜሪ ሙሴ፣ ስም ዓባይና ወርቁ
ዑቕባሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ገነት ማና ኣድሓኖም
ተባሂሉ ይተኣረመልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን16/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ሲዶና ክፍለ ደበሳይ 2.ዮርካቤል
ከፈላ ደስበለ 3.ሄራን ክፍለ ደስበለ፣ ስም ኣቦና
ከፋሊ ደስበለ ገብረኣብዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመልና
ስለ ዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/26 ኣብ
ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ንግስቲ ከሰተ ተኽለሃይማኖት፡ ብዓል ቤተይ
ሙሴ ተስፉ መንግስቱ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ
መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ
ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ማእከለ ሃብታይ ወንድህነይ ምባል ተሪፉ፡
ማእከለ ተኽለ ፍስሃየ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ
ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ኣብርሀት ኣዛን መብራህቱ ምባል ተሪፉ፡
ኣብርሀት ሃብተሚካኤል መብራህቱ ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን01/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሳሊና ተክለማርያም ኣበዱ፡ ብዓል ቤተይ
ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ 5 ደቁ ወረስቲ ምዃንና
ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን01/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳልሕ ጅምዕ ይበቲት፡ ወደይ ሃይሰም ሳልሕ
ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ ብዓልቲ ቤተይ ሳፋእ
ማሓመድ ስዒድ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና
ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን01/12/26 ኣብ
ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ሙሉጌታ ነጋ ርእሶም፡ ወዲ ኣሞይ ነፍሲሄሪት
ጸሃይነሽ ርእሶም ኣቶ ሳምሶም ገብረኣብ ገብረጻድቕ፡
ሃለዋቱ ስለዘይተፈልጠ፡ ይጸወዓለይ ስለ ዝበለ፣
ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/12/26 ኣብ
ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡
ጥፉእ ተባሂሉ ውሳነ ክወሃብ ምዃኑ ነፍልጥ።

ሙሉጌታ ነጋ ርእሶም፡ ወዲ ኣሞይ ነፍሲሄሪት
ጸሃይነሽ ርእሶም ኣቶ የናታን ገብረኣብ ገበረጻድቕ፡
ሃለዋቱ ስለዘይተፈልጠ ይጸወዓለይ ስለ ዝበለ፣
ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/12/26 ኣብ
ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡
ጥፉእ ተባሂሉ ውሳነ ክወሃብ ምዃኑ ነፍልጥ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ተስፋኣለም ደግለል ረዘነ፡ ኣደይ ኢትዮጵያ ሃይለ
ወልደዝጊ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ
ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን27/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ዃላ

ከሳሲት ወ/ሮ ድያና ገብረኣብ፡ ተኸሳሲ ኣቶ
ምኪኤል ምዓሾ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ
ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/12/26
ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ
ት/ዕድመ ሲሞና ኣንዋር ኢብራሂም፡ ኣደይ
ኣበባ ገብረትንሳኤ ሃብቱ ስለዝዓረፈት፡ ኣብ
ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ
4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ጸሮና

ሄለን መለስ ብርሃነ፡ ብዓል ቤተይ ተኪኤ ጋይም
መብራህቶም ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ
መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ
ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን26/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።
ጽጋብ ገብረሚካኤል ገብረስላሴ፡ ብዓል ቤተይ
መንግስትኣብ ኪዳነ ፎቶ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ
መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ድማ
ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ዓብደላ ዑስማን ኣድም ምባል ተሪፉ፡ ዓብደላ
ሮሞዳን ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ
ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/11/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ መቐርካ

ኣድሓነት ስዩም ወልደ፡ ኣቦይ ስዩም ወልደ
ተኽለ ስለዝዓረፈ፡ ንወላዲተይ ሕርይቲ ኪዳነ
ማና ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወላ፡ 10
ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/11/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ናድያ ጀማል መሓመድስዒድ ምባል ተሪፉ፡
ነዳ ጀማል መሓመድስዒድ ኣሕመድ ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን23/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ናስራ መሓመድ ሙሳ፡ ስም ት/ዕድመ ወዲ
ጓለይ ኣማን ዑመር ማሕሙድ ምባል ተሪፉ፡
ኣማን ኣፎም ገብሪሂወት ተባሂሉ ይተኣረመለይ
ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/26 ኣብ
ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

መሓመድ ዑስማን ዑመር ምባል ተሪፉ፡
ዑስማን ዑመር ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ
ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/11/26 ኣብ
ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሳባ ተወልደ ገብረህይወት፡ ኣደይ
ለተብርሃን ተኽለ ወልደገብረ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ
ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና
ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/11/26 ኣብ
ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ሓልሓል

ኣምና መሓመድኑር ኢብራሂም ምባል
ተሪፉ፡ ኣምና መሓመድ መሓመድኑር ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን26/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።
መሓመድ እድሪስ ዑስማን ምባል ተሪፉ፡
ኣሕመድ እድሪስ ዑስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ
ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/26 ኣብ
ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓምድ መሓመድኖር ምባል ተሪፉ፡ ሓምድ
ኣኑር ሓምድ ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ
ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/26 ኣብ
ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ህድኣት ጎይቶኦም ሃኪን፡ ብዓል ቤተይ
ተኽለሃይማኖት ገብረወልድ ባህታ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ
ምስ 4 ደቀይ ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና
ስለ በለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/11/26 ኣብ
ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ሰናይት በየነ ገብረኪዳን፡ ወደይ ቢንያም ከተማ
ታደሰ ስለዝተሰወአ፡ ሓዳር ይኹን ውላድ ስለ
ዝይብሉ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ
ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/12/26 ኣብ
ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ወ/ሮ ኣምና ዒሳ ሓምድ፡ ብዓል ቤተይ
መሓመድ ሓጅ ሓምድ ስለዝተሰወአ፡ ውላድ
ስለዘይብሉ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ
ንብረት ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/11/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ገብርኤል ወልደትንሳኤ ዓንደማርያም፡
ስም ኣደይ ስላስ ወልደንስአ ምባል ተሪፉ፡ ስላስ
ዑቕባጽዮን ወልደጽዮን ተባሂሉ ይተኣረመለይ
ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ
ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ኢብራሂም ዓብደላ ሙሳ ምባል ተሪፉ፡
ኢብራሂም ኣሸኽ ዓብደላ ሙሳ ተባሂሉ
ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን19/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

መሓመድ ዑመር ጀርድ ስራጅ ምባል ተሪፉ፡
መሓመድ ዑመር ስራጅ ተባሂሉ ይተኣረመለይ
ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/26 ኣብ
ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.57 5 ሕዳር 2026 - ገጽ 8

ሓበሬታ
ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ
ናብ ሃገርዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ
ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ
8:00-12;00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6:00 ድ.ቀትሪ ብቁ.
ስልኪ 110179 ደውሉ ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-Mail: bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ እዩ ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ !!!

ምልክታ ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ፡ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ ብቁጽሪ ፍቓድ ንግዲ 11604
ቁጽሪ መዝገብ 10003 ዝርከብ ናይ G22 ትካለይ፡ ንኣቶ ዮናስ ካሕሳይ፡ ኣድራሻ
መንደፈራ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ፡ ብዕለት 19/05/25
መዝ 48/2025 ብውህብቶ ስለ ዝሃብክዎ፡ ብስም ወሃቢ ዝኽፈሎ ዕዳ ኣለኒ ወይ
ይግባኣኒ እዩ ዝብል እንተድኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ’ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ዓዳጊ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

ፋጦ ሑሴን ኑሩ

ን2ይ ግዜ ዝወጸ ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ፡ ኣሕምልቲ ስጋ ኣጣልን
ዓዳጊ ጨ/ትምህርቲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ
ንኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ስሙድ ናቕፋ ኣሕምልቲ፡ ስጋ-ኣጣል፡
ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ
ጨ/ትምህርቲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ንዓመተ ትምህርቲ 2027 ካብ 01 ጥሪ ክሳብ ሰነ 2027 ከምኡ’ውን ካብ መስከረም ክሳብ 31 ታሕሳስ 2027 ንተማሃሮ ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከጫርት ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ነጋዶ ንጨረታ ይዕድም።

1. ጨ/ትምህርቲ ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ዋጋታት ቀረብ መግቢ ኣሕምልቲ፡ ስጋ ኣጣል ዘቕርቡ ሕጋውያን ነጋዶ ንጨረታ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ነጋዶ ክፉት ይኸውን።
3. ተጫረትቲ መበቆላዊ ሰነዳት የቕርቡ።
4. ቅዳሕ ናይ 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ኤርትራዊ መንነትን ናይ ዓመተ 2025 ክሊራንስን የቕርብ።
5. ተጫረትቲ ኩሉ ግብርን ቀረጽን ኣብ ግምት ኣእትዮም ጠቕላላ ድምር ዋጋ ብንጹር ከቕርቡ ይግባእ። ተጫረትቲ ግብሪ ናይ 2025 ዝኸፈሉሉ መረጋገጺ የቕርቡ።
6. ተጫረትቲ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፡ ካብ ጨ/ሚኒ/ትም/ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ብቴሌፎን 541273 ብምድዋል ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ስራሕ ሰዓታት ክትረኽቡ ትኽእሉ።
7. ብቑዓት ተጫረትቲ 50.00 ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይኽእሉ። ዕዉት ተጫራታይ፡ ንብረት ዝጽዕነሉ ማእከላይ ቦታ ኣስመራ ስለዝኾነ፡ ኣሕምልቲ ከም መመላእታ ጽዕነት ስለንጥቀመሉ፡ ኣብ ኣስመራ ክቕርበልና ምዃኑ ክፈልጥ ኣለዎ።
8. ጨረታ፡ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ክሳብ 17/11/2026 ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ይኸውን።
9. ሳንዱቕ ጨረታ ዕለት 17/11/2026 ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀ ይዕጾ። ሰዓት 10፡30 ቅ/ቀ ድማ ይኽፈት።
10. መኽበሪ ጨረታ cpo 50.000 ናቕፋ ተጫራታይ ከትሕዝ ኣለዎ።
11. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ዝእዝዞ መሰረት ይካየድ።
12. ዕዉት ተጫራታይ 15% ካብቲ ናይ ዓመት ዝተዓወተሉ ዋጋ ኣብ ሕሳብ ባንኪ ትካልና ኣቐዲሙ ኣታዊ ክገብር ምዃኑ ንሕብር።
13. ጨ/ሚኒ/ትም/ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ብምሉኡ ወይ ብከፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ጨ/ሚኒ/ትም/ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ምጽዋዕ

ብስም ወ/ሮ ኣኽበረት ክፍለ ሃይለሚካኤል፡ ብቁጽሪ ፍቓድ ዋኒን DAL-0776 ቁጽሪ መዝገብ DAL-0662 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቀይሕ ዓዲ/ከተማ ዓዲ ቀይሕ ዝርከብ G22-49 ትካለይ፡ ንወ/ሮ ጠዓመት ካሕሰ ይመስገን፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቀይሕ፡ ዓዲ/ከተማ ዓዲ ቀይሕ- ተሌፎን 07262519፣ ካብ ዕለት 12/10/2026 ክሳብ ዕለት 12/10/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ’ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ አፍልጥ።

ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ባረንቱ ምምሕዳር/ከባቢ ብያራ፡ ብቁ/ፍቓድ ዋኒን GBL 00009455 ናይ ኤለክትሮኒክስ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ለምለም ተስፉ ሓጐስ፡ ኣድራሻ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ባረንቱ ምምሕዳር ከባቢ ብያራ፡ ብዕለት 15/10/2026 ብቁ.መዝገብ 6266727 ብውህብቶ ስለዝሃብክዋ፡ ብስም ወሃቢት ዝኽፈሎ ዕዳ ኣለኒ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል እንተድኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ውህብቶ ተረካቢ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

ተስፉ ቀለታ

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ሰራየ ቁ.ገዛ 28/T ብቁ/ፍቓድ ዋኒን ASL00006233 ናይ ዱኳን ትካል፡ ናይ ኣቶ መንግስትኣብ ፍስሃጽዮን ሃይለስላሴ፡ ብዕለት 20/02/2026 ቁ.መዝ 76/2026 ብውህብቶ ስለዝሃበኒ፡ ብስም ወሃቢ ዝኽፈሎ ዕዳ ኣለኒ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል እንተደኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስመይ ውህብቶ ተረካቢ ከምዝመሓላለፍ አፍልጥ።

ሓይለኣብ መንግስትኣብ ፍስሃጽዮን

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና ከረን ቁ.ገዛ 57 ብቁ/ፍቓድ ዋኒን ASL00041611 ናይ ኤለክትሮኒክስ ኣቑሑት መሸጥን መጸገንን መምልኢ ፍልምን ትካለይ፡ ንኣቶ ሚኪኤል ወልደኣረጋይ ወልደሚካኤል፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ከረን ቁ.ገዛ 57 ብዕለት 05/10/2026 ቁ.መዝ 475/2026 ብውህብቶ ስለዝሃብክዎ፡ ብስም ወሃቢ ዝኽፈሎ ዕዳ ኣለኒ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል እንተደኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ውህብቶ ተረካቢ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

እንድርያስ ወልደኣረጋይ ወልደሚካኤል

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ደቀምሓረ፡ ዓዲ/ከተማ ጋዴን (ዓላ) ብቁጽሪ ፍቓድ ንግዲ DEL 7118 ቁጽሪ መዝገብ DER 6240 ዝርከብ ናይ A32 ትካለይ፡ ንኣቶ ሃብቶም ገብረወልዲ ወልደጋብር፡ ኣድራሻ ደቀምሓረ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ደቀምሓረ ዓዲ/ከተማ ሃዳሙ፡ ብዕለት 28/10/26 መዝ 476/26 ብውህብቶ ስለ ዝሃብክዎ፡ ብስም ወሃቢ ዝኽፈሎ ዕዳ ኣለኒ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል እንተድኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ’ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ዓዳጊ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

ኣብርሀት ተስፋጽዮን

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.57 5 ሕዳር 2026 - ገጽ 9

ስነ-ፍልጠት ኣሮን ተኽለ
ፊዚካዊ ጠባይን ፊዚካዊ ለውጥን
ፊዚካዊ ጠባይ ብዓይንኻ ትዕዘቦን ትዕቅኖን ደጋዊ ምቅይያር ነገራት እዩ።
ፊዚካዊ ለውጢ ከኣ ርኡይ ምቕያር ትርኢት ነገራት እዩ። ምቅይያር ዓቐን፣
ብዝሒ፡ ነገራዊ ትርኢት ገለ ካብ ፊዚካዊ ለውጢ እዮም።
ንኣብነት፡- ምምካኽ ጎማ፡ ምሕቃቕ ሽኮር፡ ምስባር እምኒ፡ ምልዋይ ስልኪ፡ ምዕጻፍ ክዳን።
ፍልልይ ፊዚካዊ ጠባይን ፊዚካዊ ለውጥን
ፊዚካዊ ጠባይ ምግላጽ ናይ ነገራዊ ጠባይ እዩ። ፊዚካዊ ለውጢ ግን ምቅይያር ናይ ነገራት እዩ።
ንኣብነት፦ ሓደ ሰብኣይ ነይሩ። ንደቁ፡ “እዞም ደቀይ ንበጊዕና ፋጻ ምሂረያ።” በሎም።
እቶም ደቁ ተገሪሞም፡ “ባባ! ከመይ ጌርካ ምሂርካያ፧” ኢሎም እናጎየዩ ናብታ በጊዕ ከዱ። ከረጋግጹ ኢሎም ክፋጽዩ ጀመሩ። በጊዕ ግን ኣይፋጸየትን። ባባ ተጻዊቱልና ኢሎም፡ “ባባ! ምሂረያ ኢልካናስ እንተፈተንናያ ኣብያትና። ኣይፋጸየትን!” ኢሎም ኣዋጠርዎ።
ኣቦኦም ከኣ፡ “ ምሂረያ ኢለኩም እምበር፡ ክኢላቶ’ዶ ኢሎኩም እየ።” በሎም ንብለኩም።
ስለዚ ምምሃር ጠባይ ክኸውን ከሎ ምኽኣል ግን ለውጢ ናይ ነገራት

እዩ። እቲ ኣቦ ዝበሎም ጠባይ (property) ክኸውን ከሎ፡ እቲ ዘይምኽኣል ግን ለውጢ (change)።

ኣድራሻና- ሚኒስትሪ ትምህርቲ፦
ክ/ትም/ንዓበይትን ሜድያን፡-
ተሌፎን 114991
Po.Box- 609

lay-out ኣቤል መንግስ

ቈልዓ ብንኡሱ ቈርበት ብርሑሱ

ሓደ ተማሃራይ ርሳስ ሰሪቑ ናብ ገዝኡ ወሲዱ ንኣደኡ ሃባ። ኣደኡ ኣብ ክንዲ ትቐጽዖ፡ “ኣንበሳ ዝወደይ! ንፉዕ!” ኢላ ተቐበለቶ። ከም’ኡ ኢሉ እቲ ተማሃራይ እናዓበየ ምስ ከደ፡ ዋግኡ ክብር ዝበለ ነገራት ክሰርቕ ጀመረ። ክብል-ክብል ክሰርቕ ከሎ ተታሒዙ ተኣስረ። ኣብ ፍርዲ ቀሪቡ ገበነኛ ኰይኑ ስለ ዝተረኽበ፡ ብማሕነቕቲ ክቕጻዕ ተበየነሉ። እታ ፍርዲ ዝቕበለላ መዓልቲ ምስ ኣኸለት፡ ናብ’ቲ መሕነቒ ቦታ ይውሰድ ነበረ። ኩሉ ህዝቢ ነቲ ሰራቒ ክርኢ ዕጉግ ኢሉ ነበረ። ኣብ ማእከል እቲ ህዝቢ፡ ኣደኡ ነቲ ሰራቒ ኣፍ ልባ እናሃረመት ትበኪ ነበረት። እቲ ሰራቒ ቈልዓ፡ ነቲ ሒዝዎ ዝነበረ ፖሊስ፡ ንኣደኡ ናይ መወዳእታ ቃል ኣብ እዝና ሕሹኽ ክብላ ለመኖ። ኣደኡ ናይ መጨረሽታ ቃል ናይ ወዳ ንምስማዕ ናብ ወዳ ተጸገዐት። እቲ ወዳ ግን፡ ‘በዲልክኒ!’ ኢሉ ናይ ኣደኡ እዝኒ ብዘይ ንሕስያ መንጪቱ ቆረጻ።

ትግርኛ
ስም ዘይእሩም እሩም
መምህር መማሃራን መምህራን
እዝኒ የእዛን ኣእዛን
ሓው የሕዋት ኣሕዋት
ዑፍ የዕዋፍ ኣዕዋፍ
ህዝቢ የህዛብ ኣህዛብ
ዓርኪ የዕሩኽ ኣዕሩኽ

ኣባዝሕ
ቤት ጽሕፈት - ኣብያተ ጽሕፈት
ብዓል ፈረስ - ሰብ ኣፍራስ
መንበር - ___________
መምሃሪ - ___________
ኣቦመንበር - ____________
መስጊድ - _____________
ቤተክርስትያን - __________
ብዓል ፈረስ - ______________
ዓይኒ - __________________
ጓል - ___________________

ጌጋ ቅኑዕ
ሰምበት ሰንበት
ግምቦት ግንቦት
ማዓልቲ መዓልቲ
ነጻነት ናጽነት
ስጉሚ ስጒሚ
ጉያ ጒያ
ሚንስትሪ ምኒስትሪ
ትምርቲ ትምህርቲ
ሙሉእ ምሉእ
ሙኻን ምዃን
ሶኒ ሰኑይ
ሰሚያዊ ሰማያዊ
ቁዱስ መጽሓፍ መጽሓፍ ቅዱስ
እዝግኣብሄር እግዚኣብሔር
ደም ባንክ ባንክ ደም
ለስላሳ ልስሉስ መስተ
የሕምልቲ ኣሕምልቲ
የእጋር ኣእጋር

ባምብል

ኣብ ሓደ ዓዲ ሓደ መደንገል ጓሳ
ነበረ። ባምብል ይበሃል። ስራሕ ጒስነት
ረጥሪጡ ድማ ዓዲ ኣተወ። ድሕሪ
ግዜ፡ ቀንጠብጠብ ክብል ጀመረ።
ባምብል ኣይግዳዱ ስርቂ ለሚዱ።
ደርሁ ይሰርቕ። ዳርጋ መዓልታዊ
ካብ ጐረባብቱ ደርሆ ሓኒቑ ስውር
ይብል። ሕማቕ ኣመል። ነውሪ!
እተን ዝበዝሓ ዝሰርቀን ደርሁ
ጠቢሱ ይበልዐን። ተረፍ ጽጋቡ ድማ
ናብ ዕዳጋ ደርሁ ኣውሪዱ ይሸጠን።
ባምብል እዚ ሕማቕ ስራሕ
እናሰርሐ ንኹሎም ጐረባብቱ
ኣሸጊርዎም ነበረ። እቶም ጐረባብቱ
ድማ ዝገብርዎ ጠፊእዎም በቲ
እከይ ግብሩ ሰኪሖም ነበሩ።
ባምብል ብዓል ክፉእ መጋብር!
ሓደ መዓልቲ፡ ሓደ ኣቦይ
ሓጂ ዓሊ ዝበሃሉ ዓቢ ኣቦ በቲ
ጥቓ ገበላ እንዳ ባምብል እናሓለፉ
እንከለዉ፣ ንባምብል ኣማዕድዮም
ርኣይዎ። ባምብል ዝተጠብሰ ስጋ
ደርሆ ምስ ዓጽሙ፡ እናፋጸየን ከም’ዚ
ኢሉ እናደረፈን፡ ይቘራጥሞ ነበረ።
“ስጋ ደርሆ! ስጋ ደርሆ!
ኣቤት ክጥዕም’ወ ስጋ ደርሆ!
ዝብልዎ ነቲ ዓጽሚ ደርሆ
ወይ ንኽልተ ወይ ንዓሰርተ ክልተ
ኣይፋሉን ተጋግዮም
እንተ ዝፈልጡ ጣዕሙ፡
እንተ ዝቝርጥሙ፡ እንተ
ዝምንጭቱ፡
ምሰስዑ፡ ምሃረፉ፡
ኣይመማቐሉ፡ ኣይመጥዓሙ፡
ኣይመቋደሱ፡ ኣይመቘርጦሙ፡
ምነፈጉ፡ ምበቐቑ፡
ምበሉ ደርሆ ንሓደ
ምበሉ ደርሆ ንሓደ
ብልክዕ ኣይምበሉን
ወይ ንኽልተ ወይ ንዓሰርተ
ክልተ።”
እቶም ለባም ሰብኣይ ክጻናተውዎ
ብምጽናሕ ተግባራቱ ጋን
ኰይንዎም ናብኡ ቅርብ ኢሎም
ከምዚ በልዎ።
“ባምብል ፋሉል!.. ስለምንታይ
ኢኻ ናይ ስነ-ምግባር ስነ-ስርዓት
ጥሒስካ ቅኑዓት ሰባት ትሃሲ
ዘለኻ፧” ድርቕ ኢሎም ሓተትዎ።

“ስነ-ስርዓት ስለዘይፈልጥ..”
መለሰ ባምብል ድፍር ኢሉ።
“ሰነፍ! እዚ ትገብሮ ዘለኻ
ስራሕ ዝጠቕመካ ኣይኮነን።
ብኣጋኡ እንተገደፍካዮ ይሓይሽ።
እንተዘየለ..”
ኣቦይ ሓጂ ዕትብ ኢሎም ክገንሕዎ
ፈተኑ። ባምብል ዕድመን ክብሪን
ናይ’ቶም ሰብኣይ ርእዩ፣ ነቲ
ተግሳጽ ከይቅበሎ ዕጥይ ምጥይ
በለ።
“ሕራይ ኣቦየ! ክእረም’የ… ግና
ግዜ ከድልየኒ’ዩ…” ርእሱ ሓኸኸ።
“እንታይ ማለትካዩ፧” ጽውግ በሉ
ኣቦይ ሓጂ።
“እንታይ መስለኩም…”
“ንዓይ ዝመስለኒ ኣነ ጥራየ
ዝፈልጦ።”
“ሓቅኹም! ግና ደርሁ ምሕናቕ
ክገድፎ እንተኾይነ ግዜ የድልየኒ’ዩ።”
“ከመይ ማለት፧”
“ሕጂ ዕሉል ሰራቒ’የ ኮይነ። ክሳብ
ሕጂ ኣበይ ጸኒሕኩም፧! ብዝኾነ
ኣብ ክንዲ መዓልታዊ ዝሰርቕ፣ ናብ
ሓንሳብ ኣብ ወርሒ ከጉድሎ’የ።”
“ስርቂ ብዓንደርእሱ ሓጥያት
ስለዝኾነ ንኸተቋርጾ እብረን
ክፋልን ኣየድልዩኻን’ዮም። ሕጂ’ያ
እታ ትገድፈላ መዓልቲ።” በልዎ።
“ኣቦይ ሓጂ ስርቅን ወልፍን
ሓደ’ዩ። ቀስ ብቐስ ኢኻ ተቋርጾ።
ንዓመታ ድማ ምሉእ ብምሉእ
ክገድፎ’የ።” በሎም ትዕንን እናበለ።
“ካብ ንዓመታ ደርሆ ሎምዘመን
እንቋቑሖ። ተግባራትካ ጌጋ
ምዃኑ እንተኣሚንካሉ፣ ሻቡ ስርቂ
ከተቋርጾ ኢኻ።”
“ኣይፋሉን ኣቦየ! ደጊም ካብ
ሳዕረረኒ ልምደይ ክኾልፍ ፍቓደኛ

ኣይኮንኩን።” ይቕረታ ክገብሩሉ
ለመኖም። “ድሓን! ሕማቕ ግብሪ
ቁርጽ ኣቢልካ እንተዘይገዲፍካዮ፣
ናይቲ ክትእረመሉ ዝግበኣካ ዕድል
ኣይክትረክብን ኢኻ’ሞ ሓደ
መዓልቲ ግብርኻ ክትፍደ ኢኻ።”
ኢሎም ኣቦይ ሓጂ ዕዝር በሉ፡
ብውሽጦም እናተራገሙ።
ድሕሪ’ዚ ባምብል ከም ኣመሉ ሰለፍ
ደርሆ መቂርዎ ናብ ሓደ ገዛ ደጐል
ዘሊሉ ኣተወ። ክሰርቕ ክብል ድማ
እግሩ ተሰብረ። ገፈፍ እናበለ ክወጽእ
ጐረባብቲ ስለዝሰምዕዎ ድማ ብጭካነ
ኣይብላዕ ኣይስተ ገይሮም ብዱላ
ተሳህልዎ። ዝረድኦ ስኢኑ ድማ
ነተን ዝበልዐን ደርሁ ከየውጽአን
ብቃንዛ ኣብቲ ባይታ ተነፍኒፉ ሞተ።

ሞራል ዛንታ - ንሕማቕ ስራሕ
ይጽናሓለይ ከይበልካ ክትእረመሉ
ይግባእ። ዘረባ ሰብ ወይ ምኽሪ
ሰብ ዘይሰምዕ ብሕማቕ ይጠፍእ።

ሕቶ ንሃብሮም...፧

1. ናይ ሳራ ዕድመ 60፣ ናተይ ፍርቂ
ናይ ሳራ ዕድመ እዩ። ድሕሪ 10
ዓመት ናተይ ዕድመ ክንደይ እዩ፧

2. ሓንቲ 4 ዝኣባላታ ስድራ፣ ማያዊ
ክፍሊ ሰጊራ ዓዳ ክትኣትው እያ።
ነዚ ማይ ተስግር 100 ኪሎ ጥራይ
ክትስከም ትኽእል ጃልባ ኣላቶም።
ኣቦን ኣደን ነፍሲ ወከፎም 50 ኪሎ
ይምዘኑ። በዛ 100 ኪሎ ጥራይ
ትስከም ጃልባ፡ ብኸመይ ነቲ ማያዊ
ኣካል ሰጊሮም ዓዶም ይበጽሑ፧

መልሲ

1. 40

2. ፈለማ እቶም ክልተ ቈልዑ ይሓልፉ።

ነታ ጃልባ ሓዲኦም ሒዝዋ ይምለስ።

ኣቦ ይሰግረላ።

እቲ ካልኣይ ቈልዓ ነታ ጃልባ ሒዝዋ

ይምለስ።

እንደገና እቶም ቈልዑ ሓቢሮም ይሓልፉ።

እቲ ሓደ ሒዝዋ ምስ ተመልሰ ኣደ

ትሰግረላ።

እቲ ሰጊሩ ዝጸንሐ ቈልዓ፡ ነታ ጃልባ

ሒዝዋ ብምምላስ፡ ንሓዉ የስግሮ’ሞ፣

ተተሓሒዞም ዓዶም ይኣትዉ።

1. It tells time.
2. You wear it on your
body.
3. To shut a door.
4. You sit on it.
5. To run after, to hunt
6. Write with it on a black-
board.
7. It blows things about.
8. A bird has two of this.
9. Every house has this.
10. A place where goods
are sold
Answer
1 C l o c k
2 C l ___ ____ ___
3 C l ___ ____ ____
4 C h ___ ____ ____
5 C h___ ____ ____
6 C h ___ ____ ____
7 W ___ ____ ____
8 W ___ ____ ____
9 W ___ ___ ___ ___ __
10 M ___ ___ ___ ___ ___

ሕንቅል...ሕንቅሊተይ

1. ከም ሰብኣይ ይጭሕም ከም
ቀልዓ ይሕዘል፧
2. ንሳ ክንዲ ጎቦ፡ ሓርኣ ክንዲ
ምልዖ፧
3. ንእሽቶ ጽልቓ፡ ኣብ ጎቦ ጠቢቓ፧
4. በረኻ ምውዓላ፡ መሽጐራጕር
ሰፈራ፧
5. ንሳ ጸላም፡ ደቃ ጸዓዱ፧

ኣተኵሮ
1. ውሉዳ ትሓቝፈሉ ናይ
ቅድሚት ሎቖታ ዘለዋ እንስሳ
_____ትበሃል፧
2. ሓራምዝ ክነጥሩን ክዘሉን

ይኽእሉ’ዮም። (ሓቂ/ ሓሶት)
3. ካብ ዓሳታት፡ እቲ ዝዓበየ እንቋቑሖ
ትወልድ ዓሳ ____ ትብሃል፧
4. ካብ ፍጠረታት ብሕቖኡ
ክድቅስ ዝኽእል እንኮ ፍጡር
መን’ዩ፧
5. ኩሎም መጥበውቲ እንስሳታት
ዓይነት ሕብርታት ኣብ ምልላይ

ዕዉራት እዮም። (ሓቂ/ሓሶት)

ብሚኒስትሪ ትምህርቲ

ዝዳሎ ዓምዲ

ብንያም ገብረኪዳን

ባና ትምህርቲ

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.57 5 ሕዳር 2026 - ገጽ 10

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

ገምጋም ወፍሪ ተማሃሮ ንልምዓት - 2026

ሰለስተ ዓይነት ክሊማ እትውንን
ኤርትራ፡ ካብተን ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ
ብብዙሕነት ትሮፒካዊ ኣግራብ ቀዳሞት
ሃብታማት ዝበሃላ ሃገራት ሓንቲ እያ።
እዚ ክሊማዊ ጸጋ’ዚ ግን፡ ደበና ደርቂ
ዘንጸላልወን ካብ ዘለዋ ሃገራት ሳሕለ
ሳህራ ካብ ምዃን የድሕና የሎን።
ምስፍሕፋሕ ምድረ-በዳነት፡ ዕርቃን መሬት
ዝቐልዕን ግርማ መሬት ዝቕንጥጥን እዩ።
ካብዚ ሓደገኛ ምስፍሕፋሕ ምድረ-በዳነት
ንምክልኻል፡ ስራሕ ምግራብ ብዕቱብነት
ክዕየየሉ’ምበኣር፡ ይጽንሓለይ ዝበሃሎ
ዕማም ክኸውን ኣይግባእን።

ወቕቲ ክራማት እናተጸበኻ
ሰራሕተኛታት ትካላት ትምህርቲን
ሰራዊትን ዝሳተፍዎ፡ ካብ 1994 ጀሚሩ
ድማ ብወፋሮ ክረምታዊ ማእቶት ተማሃሮ
ካልኣይ ደረጃ ዝዕመም ምትካል ኣግራብ
ዝርከቦ ስራሕ ምዕቃብ ሓመድን ማይን
ምስራሕ ዛላታትን ከትሪታትን ዘጠቓልል
ብርክት ዝበሉ ዕማማት ኣብ ሃገርና ብቐጻሊ
ዝካየዱ ገለ ካብ መደባት ልምዓት እዮም።
ከምቲ ዝተጠቕሰ ዓመት መጽአ ብወፍሪ
ተማሃሮ ካልኣይ ደረጃ ካብ ሓምለ ክሳብ
ነሓሰ ዝካየድ ወፍሪ ተማሃሮ ንልምዓት፡
ሎም ዓመት’ውን ከምቲ ልሙድ ንመበል
28 ግዜኡ ተኻይዱ። ኣብ መላእ ሃገር
ድማ፡ ብስፍሓት ከም እተሰርሓሉ’ዩ፡ ቤት
ጽሕፈት ጨንፈር ወፍሪ ተማሃሮ ንልምዓት
ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ሚኒስተር ትምህርቲ
ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ፡ ሓለፍቲ
ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ወከልቲ ዝተፈላለያ
ሚኒስትሪታትን መሻርኽቲ ልምዓት
ትካላት መንግስቲን ሚኒስትሪታትን ኣብ
ዝተረኸቡሉ ብ30 ጥቅምቲ 2026፡ ኣብ

ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ

መምህር ፍትዊ ወልደግዮርጊስ

ስእሊ፡ ክብሮም ጸሃየ

ኣዳራሽ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣብ ዘቃንዖ
ዓመታዊ ገምጋም ገሊጹ።
ዕላማ ዓመት መጸ ብተመሃሮ ካልኣይ
ደረጃ ዝቕለስ ወፍሪ ተማሃሮ ንልምዓት፡
መርሓ ስርዓተ ትምህርቲ ዝሕብሮ፡
ተማሃሮ ነቲ ብክለሰ ሓሳብ ዝቐስምዎ
ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ብግብራዊ ስራሕ
ከም ዘሰንይዎ ምግባር፣ ማእቶታዊ
ስራሕ ዝመበገሲኡ ናይ ምትሕግጋዝን
ምብህሃልን ባይታ ምፍጣር፣ ብዓቢኡ
ኸኣ፡ ዝባደመ መሬት፡ ሓመድን ማይን
ዓቂብካ፡ ገሪብካን ሓዚእካን ናብ ንቡር
ኣከባቢ ንምምላስን’ዩ። ማዕረ-ማዕረኡ፡
መንእሰያት ተማሃሮ ኣብዚ መዳይ መሪሕ
ተራ ብምሓዝ ኣብነታውያንን ጸለውትን
ከም ዝዀኑ ንምግባር’ዩ፡፡ ክንዲ ዝዀነ፡
ብመንግስቲ ዓቢ ኣቓልቦ ተዋሂቡዎ
ይስረሓሉ። ወፋሮ ተማሃሮ ድማ፡ ኣብ
ክረምታዊ ዕረፍቶም፡ ኣብ ዝተፈላለዩ
መደባት ስርሓት ልምዓትን ህንጸትን
ተመዲቦም ዝተፈላለዩ ዕማማት የሰላስሉ።
ሎም ዓመት’ውን ምስ ኩነታት ኣየር
ብምዝማድ፡ ተማሃሮ ገለ ዞባታት ካብ
ሰነ ክሳብ ሓምለ፡ ከበሳዊ ባህሪ ዘለወን
ዞባታትና ድማ፡ ካብ 7 ሓምለ ክሳብ 15
ነሓሰ ብምውፋር፡ ዕዉት ስራሕ ከም
ዘሰላሰሉ ጸብጻባት ዞባታት ተማሃሮ ወፍሪ
ንልምዓት ኣረዲኦም። ብመሰረት ሓበሬታ
ኣወሃሃዲ ዳይረክተር ጨንፈር ወፍሪ
ተማሃሮ ንልምዓት ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡
መምህር ፍትዊ ወልደግዮርጊስ፡ ኣብ
ወፍሪ ተማሃሮ ንልምዓት ሎም ዓመት፡

30,423 ተማሃሮ ክሳተፉ ትጽቢት’ኳ
እንተ ነበረ፡ 27,614 (91 ሚእታዊት)
ጥራይ’ዮም ተሳቲፎም። 12,905
ካብዚኦም ደቀንስትዮ እየን። 2,809
ተማሃሮ ድማ፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያት
ካብ ምስታፍ በዂሮም።
ተማሃሮ ኣብዚ ናይ ሎም ዓመት
ወፍሮም፡ ብኣስታት 1 ሽሕ መምህራን፡
ኣለይቲ፡ ክኢላታት ዓውዲ ምዕቃብ
ሓመድን ማይን፡ ክኢላታት ምግራብ፡
ኣጋር ሓካይምን እናተመርሑን
እናተኣልዩን ዝተዋህቦም መደብ ስራሕ
ብዝግባእ ከም ዝዓመሙ መምህር ፍትዊ
ወሲኹ ኣብሪሁ። ንሓበሬታ መምህር
ፍትዊ ምርኩስ ብምግባር፡ እቲ ዝዓበየን
ዝሰፍሐን ዕዮ ተማሃሮ ወፍሪ ንልምዓት
ሎም ዓመት፡ ኣብ ስርሓት ምዕቃብ
ሓመድ፡ ማይን ብምጡን መንገዲ
ምትካል ፈልሲ፡ ምኹዓት ጐዳጒዲ
ፈልሲ፡ ምጽጋንን ምስራሕን ከትሪን

ቅናታዊ ዛላን፡ ምጽጋን ጽርግያ፡ ድሕነት
ትራፊክ፡ ኰስኳስ ኣግራብ፡ ምጽፋፍ
ሰነዳት ኣብያተ ጽሕፈት ስነዳን ምርምርን
ሆስፒታላትን፡ ምእካብ ንመስርሒ ቀጽሪ
ቤት ትምህርቲ ዘገልግል እምኒ፡ ምጽጋን
ሰደቓታት ኣብያተ ትምህርቲ፡ ምሕጋዝ
ጽጉማት ስድራ ስዉኣት፣ ጽሬት ቀጽሪ
ኣብያተ ትምህርትን ከባቢኡን ወዘተ
ዘተኮረ ዕዉት ስራሕ ተሰላሲሉ።
ከም መግለጺ መምህር ፍትዊ፡
እቲ መደብ ኣብ 45 ንኡሳን ዞባታት፡
209 ምምሕዳር ከባቢታትን 188
ነቝጣታትን ከም እተኻየደን፡ ዝተዓምመ
መደብ ብዝርዝር ክርአ እንከሎ፡ 977,937
ጐዳጒዲ ፈልሲ ተዃዒቶም፡ 627,382
ፈልሲ ገረብ ተተኺሎም፡ 283,630
ኣግራብ ተኾስኲሶም። 1,660 ኪ.ሜ
ሓድሽ ዝንውሓቱ ቅናታዊ ዛላ ክስራሕ
እንከሎ፡ 807 ኪ.ሜ ድማ ተጸጊኑ።
40,351 ሜ.ኲብ ከትሪ ተሰሪሑ፡ 25,250
ሜ.ኲብ ድማ ጽገና ተኻይዱሉ። 4,520
ጋብላዊ ዛላ ተሰሪሑ። 31,656 ኪ.ሜ
ዝንውሓቱ ካናለ ተጸጊኑ።
ዕጥቂ ቀረብ ናውቲ ማእቶት፡
ኣብ ስራሕ ኣገዳሲ ጥራይ ዘይኰነ፡
መሰረታዊ’ውን’ዩ። ኣፍራዛ፡ ባዴላ…፡ ድማ
ነቲ ዕማም ካብ ዘገልግሉ ናውቲ’ዮም።
ስለዚ ብኣጋኡ ምቕራቦም ድማ ኣድላዪ
ይኸውን። እንተኾነ ኣብ ስራሕ ሕጽረት
ናይዞም ናውቲ ምህላዉ ወትሩ’ዩ
ዝጥቀስ። ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ ናይ ኩለን
ዞባታት፡ ዋሕዲ ናውቲ ማእቶት ካብቲ
ዓቢ ብድሆ ምንባሩ’ዩ። ብኸምኡ ነዊሕ
ምኻድ ስለዘየዐውት ድማ ኣብ ቀጻሊ
ተሓሲቡሉ እኹል ኣቕርቦት ናውቲ
ማእቶት ብኣጋኡ ክቕረብ ለበዋ ናይ
ኩለን ዞባታት ኮይኑ ሓሊፉ።
ነፍሲ-ወከፍ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ
ደረጃ፡ ዝተዋህባ ኣብ ስራሕ ናይ ዝሳተፉ
ቁጽሪ ወፈርቲ ተማሃሮ ብግቡእ ኣጻርያ
ከም ዝምደቡ ዘይምግባር፣ ተማሃሮ ካብ
ዝመሃሩሉ ቤት ትምህርትን ዝነብሩሉ
ኣከባብን ከይረሓቑ ዘይምምዳብ፡
ነፍሲ-ወከፍ ቤት ትምህርቲ ንልምዓት
ዘገልግሉዋ ናውቲ ማእቶት ከም
እትውንን ዘይምግባር፣ ንዝካየድ ዕማም
ናይቲ መደብ ሰኣን ናውቲ መሰነዲ
ክስነድ ዘይምኽኣል፡ ጸገም መጐዓዝያ፡
ዋሕዲ ዝናብ ወዘተ ዝዓበዩ ብድሆታት
ናይ’ዚ ወፍሪ ምንባሮም መምህር ፍትዊ
ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ ኣነጺሩ። ብኣንጻሩ፡
ቅሩብነት ሓድሕድ ምድግጋፍ ወፈርቲ

ተማሃሮ፡ መምህራን፡ መራሕቲ ስራሕን
መሻርኽቲ ኣካላትን፡ ብእወታ ዝግለጽ
ድስፒሊንን ተማሃሮ፡ ዝነኣድ ውህደት
ወጠንትን ኣተግበርቲን መደብ ስራሕ
ወዘተ ጐሊሖም ዝተራእዩ ብልጫታት
ምንባሮም ኣረዲኡ።

ሚኒስትሪታት ማይን ኣከባቢን፡ ሕርሻ፡
ብዓል ስልጣን ገረብን እንስሳ ዘገዳምን፡
ጥዕና፡ ዞባዊ ምምሕዳር፡ ብዞባ ደረጃ ዝቘማ
ኣወሃሃድቲ ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት፡ ካብ
ቀንዲ ዋናታት ኣካላት ወፍሪ ተማሃሮ
ንልምዓት ምዃኖም ዝጠቐሰ መምህር
ፍትዊ፡ እጃም ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣብ’ዚ
ወፍሪ’ዚ፡ ዝተሓንጸጹ መደባት ልምዓት፡
ምስ ነቲ ስራሕ ዝመርሑን ዘማእዝኑን
ክኢላታት ብምውህሃድ፡ ተማሃሮን
መምህራንን ጠርኒፉን ወዲቡን ዝተወጠነ
ስራሕ ምዕማም እዩ።
መምህር ፍትዊ ኣብ መወዳእታ፡
ኣብ መደብ ወፍሪ ተማሃሮ ንልምዓት

2027፡ 32 ሽሕ ተማሃሮን 1,200
መምህራን ኣለይትን ክሳተፍዎ ትጽቢት
ምህላዉ ብምርዳእ፡ ዝሰፍሐ ናይቲ
ክትግበር ተታሒዙ ዘሎ መደብ፡ ምዕቃብ
ሓመድን ማይን ምግራብን ምዃኑን፡
ብኣጋኡ ምድላዋት ክግበር ድማ
ኣተሓሳሲቡ። ብተወሳኺ፡ ነፍሲ-ወከፍ
ቤት ትምህርቲ ሓምላይ ክለብ ብምቛም፡
ቀጽሪ ቤት ትምህርታን ከባቢኣን ባዕላ
ከተልምዕ ካብ ሕጂ ጀሚራ ምድላዋታ
ከተሐይል ኣተሓሳሲቡ። ቅድሚ ሕጂ
ተሓሲቡሉ ትግባረኡ ክሳብ ሕጂ
ዘይሰለጠ ዘሎ፡ ንብሉጻት ገረብቲ ቀጽሪ
ኣብያተ ትምህርቲን ከባቢን ምዕዳል ናይ
ኣፍልጦ ምስክር ወረቐት ወዘተ ክትግበሩ
ተወጢኖም ዘለዉ ዕማማት ምዃኖም
ኣነጺሩ።
ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ማእቶት ዘይሳተፉ
ተማሃሮ ኣብ ክንዲ ብገንዘብ፡ ጒዳዮም
ብዕቱብ ተራእዩ መፍትሒ ክናደየሉ፡ ኣብ
ግዜ ስራሕ ዘጓንፍ ሕጽረት መጐዓዝያ
ግምት ክወሃቦ፡ እኹል ናውቲ ማእቶት
ምስ እኹል ሓኽሎም ክቕረቡ፡ ወፍሪ
ክረምታዊ ማእቶት ተማሃሮ ንልምዓት
ካብ ዝተበገሰሉ 1994 ክሳብ ሕጂ በቲ
ወፍሪ ዝተሰላሰለ ዕማም ብግቡእ ተጸኒዑ
ውጽኢቱ ብጭቡጥ ክስነድ፡ ምትካል፡
ገረብ ሾራ ኣብ ገምገም ባሕሪ ክሰፍሕ፡
መዓላ ማእቶት ካብ ምስታፍ ዝበዅሩ
ተማሃሮ፡ ብመልክዕ መቕጻዕቲ ዝእከብ
ገንዘብ ክንጸር፣ ውጽኢት ዓመታዊ

ብኽረምታዊ ወፍሪ ተማሃሮ ንልምዓት
ዝሳለጥ ስራሕ ንመጐሳጐሲ መታን
ከገልግል ብግቡእ ክስነድ፣ ዓመታዊ
ብተማሃሮ ዝትከል ፈልሲ፡ ኣበይን፡ መዓስን
ይትከል ብዝምልከቶም ተጸኒዑ ክንጸር፣
ኣብ ቀጽሪ ኣብያተ ትምህርቲ ዝትከሉ
ፈልሲ ኣግራብ ምስ ዓበዩ ተቘሪጾም
ኣብ ጥቕሚ ናይተን ኣብያተ-ትምህርቲ
እንተዝውዕል፣ እቶም ካብ ቀጽሪ ኣብያተ
ትምህርቲ ወጻኢ ኣብ ከባቢታት ዓድታት
ዝትከሉ ድማ ሓላፍነት ናይ ቀረባኡ
ዓዲታት ክኸውን ወዘተ ዝብሉ ብርክት
ዝበሉ ሕቶታት፡ ሃነጽቲ ርእይቶታትን
ሓሳባትን ካብ ተሳተፍቲ ቀሪቦም፡ ከካብ
ዝምልከቶም ድማ መልሲን መብርሂን
ተዋሂብዎም።

መንግስቲ፡ ወፍሪ ተማሃሮ ንልምዓት
ካብ’ቶም ብዕቱብ ጠሚቱ፡ ዓመታዊ
ሚልዮናት ገንዘብ ብምስላዕ ዘንቀሳቕሶም
ዕማማቱ ሓደ’ዩ። ይኹን’ምበር፡ እዚ
ወፍሪ’ዚ ንመንግስቲ ጥራይ ዝግደፍ
ክኸውን ኣይግባእን። በብዓመቱ ኣብ
ዝሰላሰሉ ብሕልፊ ናይ ምግራብ፡
ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ ምጽጋን
ጽርግያ፡ ድሕነት ትራፊክ ወዘተ ኣብ
ዝኣመሰሉ ዓበይቲን ዓመት መጽአ
ድማ ዝካየዱን ዕማማት ናይቲ መደብ፡
ምትሕብባርን ተሳትፎን ኵሉ ኣካል
ማሕበረ-ሰብ የድሊ። ብሕልፊ ስራሕ
ምግራብ፡ ዝተተኽሉ ፈልሲ ኣግራብ
ኣብ ዝብጻሕ ክሳብ ዝበጽሑ ምኹስኳስን
ማይ ምስታይን የድልዮም ጥራይ ዘይኮነ፡
ከም ባህሊ ተራዒሙ መላእ ሕብረተሰብ
ኣሚኑ ዝሳተፎን ብዘየባትኽ ክስርሓሉን
ዘለዎ’ዩ። ነዚ ምግባር ድማ፡ ሓያል ጐስጓስ
የድሊ። እዚ ክሳብ ዘይገበርና፡ “ዝደኸየ
መሬት ናብ ንቡር ምምላስ” ንዝብል
መሪሕ ሓሳብን መትከልን መንግስቲ
ክዕወት ዘበት’ዩ። ብግብራዊ ውጽኢት
ንምርግጋጹ ክከኣል ምእንቲ ከኣ፡
በብኸባቢኡ ሳቦያ ምባልን ኣብ ውጽኢት
ስራሕ ዝተመርኰሰ ምትብባዕን ኣገዳሲ
ምዃኑ ምግንዛብ የድሊ።
ኣብ መዛዘሚ ናይቲ መደብ፡
ሚኒስተር ትምህርቲ ዶ/ር ሓሊማ
መሓመድ፡ ንመዓላ ኣብ ማእቶት
ዘይተሳተፉ ተማሃሮ ብመልክዕ መቕጻዕቲ
ዝእከብ ገንዘብ ከምኡ ድማ፡ ንምሕደራን
ተጠቃምነትን ኣብ ቀጽሪ ኣብያተ
ትምህርቲ ዝርከቡ ኣግራብ ዝምልከት
ካብ ተሳተፍቲ ዝቐረባ ክልተ ኣገደስቲ
ዝበለተን ሕቶታት ኣብ ዝሃበቶ መልሲ፡
እቲ ብመልክዕ መቕጻዕቲ ካብ ተማሃሮ
ዝርከብ ገንዘብ፡ ሚኒስትሪ ትምህርቲ
ኣታዊ ንምእካብ ኢሉ ዝገብሮ ከምዘይኮነ
ብምብራህ፡ ብቐጥታ ድማ ናብ ባንክ
ኣታዊ ከም ዝኸውን ኣነጺራ። ንመዓላ
ኣብ ቀጽሪ ኣብያተ-ትምህርቲ ብተማሃሮ
ዝለምዕ ገረብ ዝምልከት ድማ፡ ብምእኩል
ኣገባብን ሕጊ መሰረት ገይሩ ተሸይጡን
ተለዊጡን ኣብ ረብሓ ናይ’ተን ኣብያተ-
ትምህርቲ ክውዕል ፍቑድ ምዃኑ
ኣነጺራ።
መደብ ክረምታዊ ወፍሪ ተማሃሮ
ንልምዓት ሎም ዓመት፡ እቲ መደብ
ብ1994 ካብ ዝጅምር፡ ንርዱእ ምኽንያት
2003፡ 2006፡ 2018ን 2020ን ገዲፍካ፡
ናይ ሎም ዓመት ደሚርካ ንመበል 28
ግዜኡ ከም እተኻየደ፡ ጸብጻብ፡ ሰነዳት
ሚኒስትሪ ትምህርቲ የነጽር።



ሓዳስ ኤርትራ

ስፖርት
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

መበል 36 ዓመት ቁ.57 5 ሕዳር 2026 - ገጽ 11

ናዳል፡ ኣባል ቦርድ ሪያል ማድሪድ ኮይኑ
ሓደ ካብ ናይ ኩሉ ግዜ ዝበለጹ ተጻወትቲ
ባይታ ተኒስ ዝኾነ - ራፋኤል ናዳል፡ ኣባል
ቦርድ ክለብ ሪያል ማድሪድ ኮይኑ።
“ናዳል፡ ኣብ ታሪኽ ስፖርት ካብቶም
ዝበለጹ፣ ሓደ ካብቶም ኣብ ዓለም ዝተፈትዉን
ዝተፈልጡን ስጳኛውያን ኣትለታት እዩ።”
ዝበለት ሪያል ማድሪድ፡ ኣባል ቦርድ
ዳይረክተራት ክለባ ምዃኑ፡ ትማሊ ረቡዕ
ኣፍሊጣ።
ንፕረዚደንት ናይዛ ጋንታ ፍሎረንቲኖ
ፐረዝ ዘመስገነን ንሕቶኣ ብሓጎስ
ከምዝተቐበሎ ዝገለጸን ናዳል ከኣ፡ ዝከኣሎ
ከምዘበርክት ገሊጹ።
22 ናይ ግራንድ ስላም ዋናጩ ብምዕታር
ካብቶም ባይታ ተኒስ ወርትግ ዝዝክሮም ተጻወትቲ ኮይኑ ራኬቱ ዝሰቐለ ናዳል፡ ናይ ነዊሕ ግዜ ደጋፊ ሪያል ማድሪድ ምዃኑ ይግለጽ።

ካፍ፡ ናይ 2026 . . .

ኮንፈደረሽን ኵዕሶ እግሪ ኣፍሪቃ ማለት ካፍ፡ ንሽልማት ዝበለጸ ኣፍሪቃዊ ተጻዋታይ 2026 ዝተሓጽዩ ተጻወትቲ ወግዓዊ ገይሩ።
ኣብዚ ዓመታዊ እትዕደል ሽልማት፡ ደቡብ ኣፍሪቃዊ - ተቦሆ ሞኮና፣ ኣይቮሪያዊ ተጻዋታይ ክለብ ማን ዩናይትድ - ኣማድ ዲያሎ፣ ተወላዲ ዲሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ተጻዋታይ ክለብ ኒውካስል - ያን ዊሳ፣ ጋናዊ ተጻዋታይ ክለብ ማን ሲቲ - ኣንቶን ሰመንዮ፣ ሞሮካውያን ተጻወትቲ ክለባት ባየር ሙኒክ፡ ፒኤስጂን ሪያል ማድሪድን ዝኾኑ - ኢስማኤል ሳይባሪ፡ ኣሽራፍ ሓኪምን ብራሂም ዲያዝን፣ ከምኡ’ውን ሰኔጋላውያን ተጻወትቲ ክለባት ኣል ናስር፡ ቪያሪያልን ክሪስታል ፓላስን ዝኾኑ - ሳዲዮ ማነ፡ ፓፐ ጉየን ኢስማኤላ ሳርን ተሓጽዮም ኣለዉ።
ኣሽራም ሓኪሚ፡ ናይ ዓሚ ዕዉት ናይዛ ሽልማት ምንባሩ ኣይርሳዕን። ናይ 2026 ዕዉት ድማ፡ 7 ታሕሳስ ኣብ ናይጀሪያ ከተማ ሌጎስ ኣብ ዝካየድ ጽንብል ክፍለጥ እዩ።

ዌስት ሃም፡ ንፓርከር ቆጺራቶ
ናብ ካልኣይ ዲቪዥን ምስ ወረደት’ውን
ዘይጠዓማ እንግሊዛዊት ክለብ ዌስት ሃም፡
ስኮት ፓርከር ሓዲሽ ዓላሚኣ ምዃኑ፡ ትማሊ
ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ብዘውጸኣቶ
መግለጺ ኣፍሊጣ።
ዌስት ሃም፡ ዝሓለፈ ወቕቲ ካብ ቀዳማይ
ዲቪዥን ኵዕሶ እግሪ እንግሊዝ (ፕሪመር
ሊግ) ምውራዳ ይዝከር። እዛ ክለብ፡ ወላ’ኳ
ናብ ካልኣይ ዲቪዥን (ሻምፕዮንስሺፕ)
እንተወረደት፡ ንዓላሚኣ ኑኖ ስፕሪቶ ሳንቶ
ግና ኣየባረረቶን። ምኽንያቱ፡ ብሓባር ሰሪሖም
ድሕሪ ሓደ ወቕቲ ናብ ፕሪመር ሊግ
ክምለሱ ትጽቢት ስለዝነበራ።

ይዅን እምበር፡ “ኣዴኻ ከምዝለኣኸትካ
ዘይኮነ፡ ዕዳጋ ከምዝጸንሓካ እዩ” ከምዝበሃል፡
ኣብቲ ሊግ’ውን ኣይመቸኣን። ካብ ናይ
ፕሪመር ሊግ ዘደይብ ክሳብ ራብዓይ ዘሎ

ደረጃ (ቀዳመይቲን ካልአይቲን ብቀጥታ
እየን ዝሓልፋ፣ ሳልሰይቲን ራብዐይቲን ከኣ፡

ብናይ ክልተ እግሪ ዕውትቲ ትስዕበን)፡ ድሒራ
ሻሙነይቲ ትርከብ። ዘለወን ናይ ነጥቢ
ፍልልይ ግና፡ ብዙሕ ኣይኮነን።
እዚ እናኾነ ግና፡ እዛ ክለብ፡ ዛጊት 13
ግጥማት ተላዒልዎ ኣብ ዘሎ ውድድራት፡
ነገራት ንምምላሶም ከይከበዱ እንከለዉ፡ ሓዲሽ
ኣሰልጣኒ ክትቆጽር ብምድላያ፡ ሰሉስ ንሳንቶ
ኣባሪራ፡ ትማሊ ንፓርከር ቆጺራቶ ኣላ።
ፓርከር፡ ኣብ ናይ ምስልጣን ግዜኡ፡
ንፉልሃም፡ ቦርንማውዝን በርንለይን፡ ናብ
ፕሪመር ሊግ ክድይባ ኣሰልጢኑወን እዩ።
ትማሊ ጋዜጣ ኣብ ሕትመት እንከላ ከኣ፡ ናብ
ክለብ ካርዲፍ ተጓዒዙ፡ ስርሑ ፈሊሙ ኣሎ።

“ኦዎኖ፡ ብዕላማ ንዝኾነ ሰብ ኣይሃስይን እዩ” ተጻዋታይ ኣንዶራ
ተጻዋታይ ስጳኛዊት ናይ ካልኣይ ዲቪዥን
ክለብ ኣንዶራ ዝኾነ - ላውታሮ ስፓትዝ፡
ሓላዊ ልዳቶም ጀሱስ ኦዎኖ፡ ፈጺሙ ደይ

መደይ ኢሉ ንዝኾነ ሰብ ከምዘይሃሲ ገሊጹ።
ኦዎኖ፡ ኣብቲ ሰኑይ ኣንጻር ተነሪፈ ዝተባህለት
ክለብ ዘካየድዎ ናይ ሊግ ጸወታ፡ ካብ ልዳት

ወጺኡ ኵዕሶ ክመልስ ኣብ ዝዘለለሉ፡ እናጎየየ
ኵዕሶ ከርክባ ዝጽዕር ንዝነበረ መጋጥምቱ
ጀሱስ ደ ሚጌል፡ ብብርኩ ገጭዩዎ። ናብ
ሆስፒታል ዘምርሐ ደ ሚጌል፡ ሰሪ’ቲ ኣፍልቡ
ዝዓበሶ ማህሰይቲ፡ ሞት ኣስዕቡሉ።
ካብቲ ጸወታ ብቀይሕ ካርድ’ውን ዝተባረረ
ወዲ ኢኳቶሪያል ጊኒ ዝኾነ ኦዎኖ ድማ፡ ካብ
ብዙሓት ወገናት ናብ ምፍርራሕ መልእኽቲ
ይመጽኦ ኣሎ።
ይኹን እምበር፡ ብሞት ደ ሚጌል ኣዝዩ
ከምዝተተንከፈ ዝገለጸ ወዲ ጋንታኡ ስፓትዝ፡
“በዚ ጉዳይ ኣዝዩ ብዝሓዘነ ወዲ ጋንታይን
ዓርከይን ክዛረብ እንተኾይነ፡ እቶም ኣጥዒና
ንፈልጦ ሰባት፡ ብፍጹም ንዝኾነ ሰብ ብዕላማ
ኣይጎድእን እዩ። ኣብ ኵዕሶ እግሪ ከኣ፡
ዘይተሓሰቡ ፍጻመታት የጋጥሙ እዮም።
ከምዚ ትራጀዲካዊ ፍጻመ ከጋጥም ኢሉ
ዝሓሰቦ ግና፡ ዝኾነ ሰብ የለን።” ኢሉ።
ድሕሪ’ቲ ጉዳይ ኣብ መቐየሪ ክፍሊ
ክነብዕን ክጽልን ዝተራእየ ኦዎኖ፡ ሰሪ’ቲ
ብመገዲ ማሕበራዊ መራኸቢኡ ዝመጽኦ ዘሎ
ዓሌታዊ ጸርፊታት ዝሓዘለ ምፍርራሕ፡ 30 ሽሕ
ዝበጽሕ ሰዓብቲ ንዘለዎ ናይ ኢንስታግራም
ሕሳቡ ዓጽዩዎ ኣሎ።
ኦዎኖ፡ ንሃገሩ ኤኳቶሪያል ጊኒ፡ 47 ሳብ
ወኪሉዋ እዩ።

ሪያል ማድሪድ፡ ምስ ጋብሪኤል ተሰማሚዓ

ዓባይ ስጳኛዊት ክለብ ሪያል ማድሪድ፡
ምስ ትስፉው ኮተቴ ተጻዋታይ ማንቸስተር
ዩናይትድ - ጀይጀይ
ጋብሪኤል፡ ኣብ ኣፈናዊ (ናይ ቃል) ስምምዕ
ምብጽሓ ተሓቢሩ።
ፍርያት ኣካዳሚ ማን ዩናይትድ ዝኾነ
ጋብሪኤል፡ ካብዛ ጋንታ ክወጽእ ከምዝደሊ፡
ኣብ ምጅማር ናይ’ዚ ወቕቲ ብወግዒ
ምሕባሩ ይዝከር።
ጋብሪኤል፡ እዚ ወቕቲ ቅድሚ ምፍላሙ
ኣንጻር ኣትለቲኮ ማድሪድ ኣብ ዝነበረ ናይ
ምሕዝነት ጸወታ፡ ተሰሊፉ እዩ። ዓመተ
ስፖርት 2026-27 ምስ ጀመረ ከኣ፡ ኣብ
ወርሒ መስከረም ኣብ ጸወታ ካራባኦ ካፕ
ኣንጻር ብራይተን ክስለፍ ትጽቢት ነይሩ።
ኣብ ታሪኽ ናይዛ ጋንታ “እቲ ዝነኣሰ ተሰላፊ”
እውን ምኾነ ነይሩ።
ይዅን እምበር፡ ካልእ ኣማራጺ ብምድላዩ፡
ኣብ ወርሒ መስከረም ካብዛ ጋንታ ወጺኡ፡

ኣብ ስጳኛ ናይ ውልቁ ልምምድ ክገብር
ጀሚሩ፣ ዛጊት ናብዛ እንግሊዛዊት ክለብ’ውን
ኣይተመልሰን ዘሎ።
ናይ ምውጻእ ድሌት ናይዚ ወዲ
16 ዓመት እንግሊዛዊ ተጻዋታይ ዝሰምዓ
ባርሴሎናን ፒኤስጂን ዝርከበአን ብዙሓት
ዓበይቲ ክለባት ኤውሮጳ፡ ከፈርምኦ ክንቀሳቐሳ
ጸኒሐን እየን።
ብመሰረት ጋዜጣ ቢቢሲ ግና፡ ሪያል
ማድሪድ፡ ምስ ጋብሪኤልን ወከልቱን፡ ኣብ
ናይ ቃል ስምምዕ በጺሓ ኣላ፣ ኣብቲ ናይ ጥሪ
2027 ናይ ምፍራሙ መስርሕ’ውን፡ ላዕለዋይ
ኢድ ሒዛ ትርከብ።
እዚ እናኾነ ግና፡ ናይ ክለብ ምስ ክለብ
ዝርርብ፡ ክሳብ ሕጂ ኣይጀመራን ኣለዋ።

መደብ ጸወታ

“ኣነ ኣይኮንኩን ናይ መሰጋገሪ ገንዘብ ዝውስኖ” ባርኮላ
ኣብዚ ወቕቲ ብኣስታት 123 ሚልዮን
ፓውንድ ካብ ፒኤስጂ ናብ ሊቨርፑል
ዝተሰጋገረ - ብራድሊ ብርኮላ፡ እዚ ገንዘብ
ጸቕጢ ከምዘይገብረሉ ኣፍሊጡ።
ምስ ናይ ቅድም ተጻዋታይ ናይታ
ጋንታ ሞሓመድ ሳላሕ ክነጻጸር’ውን
ከምዘይደሊ ዝገለጸ ባርኮላ፡ “ሳላሕ፡ ብዓል
ዝና ተጻዋታይ ናይዛ ጋንታ እዩ፣ ዓበይቲ
ነገራት ገይሩ እዩ፣ አኽብሮ’ውን እየ።
እንተኾነ፡ ኣነ ምስኡ ክነጻጸር ኣይደልን።
ናተይ ኣበርክቶ ክገብር እየ ዝጽዕር።
እንተ ንመሰጋገሪየይ ዝምልከት ገንዘብ
እንተኾይኑ፡ ኣነ ኣይኮንኩን ዝውስኖ።”
ኢሉ።

ሮድሪ፡ ንሓደ ወርሒ
ክእለ እዩ
ኣከፋፋሊ ክለብ ባርሴሎና - ሮድሪ፡ ንሓደ
ወርሒ ካብ ጸወታ ከምዝእለ ተሓቢሩ - ሰሪ
ዘጋጠሞ ናይ ጭዋዳ ማህሰይቲ።
እዚ ስጳኛዊ፡ ኣብቲ ሰሉስ ምሸት
ንኣስቶን ቪላ ዓዲሞም 3ብ0 ዝተዓወቱሉ
ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ጸወታ፡ ኣብ ጭዋዳኡ
ዘይምችኡነት ተሰሚዕዎ። ተቐይሩ
ክወጽእ’ውን ባዕሉ እዩ ሓቲቱ - ብመሰረት
ዓላሚኡ ሃንሲ ፍሊክ።
ትማሊ ድሕሪ ዘካየዶ መርመራ ከኣ፡
ኣብ የማናይ እግሪ ፈኲስ ማህሰይቲ ጭዋዳ
ኣጋጢምዎ ጸኒሑ።
ወላ’ኳ ናይ ተሃድሶ ግዜ ኣብ ምሕዋይ
ናይቲ ማህሰይቲ ዝምርኮስ እንተኾነ፡ ንሓደ
ወርሒ ክእለ ግና፡ ተገሚቱ ኣሎ።
በዚ ድማ፡ መራሒት ላ’ሊጋ ዘላ ባርሳ፡
ሰንበት ካልአይቲ ኮይና ምስ እትስዕባ ዘላ
ኣትለቲኮ ማድሪድ ኣብ እተካይዶ ወሳኒ ናይ
ሊግ ጸወታ፡ ክበኵር ተቐሲቡ ኣሎ።
ባርሳ፡ ብ30 ነጥቢ ትመርሕ፣ ኣትለቲኮ ከኣ፡
ብክልተ ነጥቢ ድሒራ ትስዕባ።

መሳጢ ብቕዓት ከምዝውንን ዝንገረሉ
ጋብሪኤል፡ ሓደ ካብቶም ናይዚ እዋን ዝበለጹ
ኮተቴ ተጻዋታይ ኤውሮጳ ምዃኑ ይግለጽ።

ሎሚ
ሊግ ኤውሮጳ - ራብዓይ ናይ ምድብ
ጸወታ
ኤሲ ሚላን - ፈረንክቫሮስ 8፡45 ድ.ቀ
ክሪስታል ፓላስ - ሆፈንሃይም 8፡45 ድ.ቀ
ስፓርታ ፕራጋ - ቦርንማውዝ 8፡45 ድ.ቀ
ሪያል ሶሴዳድ - ሊዮን 8፡45 ድ.ቀ
ሳንደርላንድ - ዲናሞ ዛግረ 11፡00 ድ.ቀ
ኤይ.ዚ - ጁቬንቱስ 11፡00 ድ.ቀ
ባየር ለቨርኩሰን - ማርሴ 11፡00 ድ.ቀ
በነፊካ - ለች ፖዝናን 11፡00 ድ.ቀ

ሓዳስ ኤርትራ

ተረኛ ፋርማሲ ጎደና ቁ.ስልኪ ጎደና ሓርነት ቁ.93-95፡ ጥቓ መገዲ ኣየር ኤርትራ 120491

ዕለት

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣስመራ 05/11/2026

መበል 36 ዓመት ቁ.57 5 ሕዳር 2026 - ገጽ 12

ዜና ዓለም ዜና ዓለም ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

ቻይናን ፊሊፕንስን፡ ዝምድናአን ንምምሕያሽ ዘተ ኣካይደን
ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ቻይናን
ፊሊፕንስን ሻሕኪሩ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡
ክልቲአን ሃገራት ነቲ ኣብ መንጎአን ዘሎ
ወጥሪ ንምህዳእ ዘተን ርክብን ክቕጽላ
ከም እተሰማምዓ ሓቢረን።
ቻይናን ፊሊፕንስን ነዚ ዝሓበራ፡
ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ናይ’ተን
ሃገራት ናይ ቴለፎን ርክብ ድሕሪ
ምክያዶም እዩ።
ምኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ፊሊፒንስ
ትማሊ ረቡዕ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ምኒስተር
ጉዳያት ወጻኢ ናይታ ሃገር ቴሬዛ ላዛሮ
ብሰሉስ ምስ ቻይናዊ መዘናኣ ዋንግ
ዪ ድሕሪ ምዝርራባ፡ ነቲ ናይ ቴለፎን
ርክብ “ግብራውን ሃናጽን” ክትብል ከም
ዝገለጸቶ ኣረዲኡ።
ዋንግ ዪ ብወገኑ፡ ዝምድና ክልተአን
ሃገራት ምትእትታው ናይ ደገ ሓይልታት
ከም ዘጋጠሞ ድሕሪ ምግላጽ፡ ገለ
ፖለቲከኛታት ቀይሕ መስመር ቻይና
ብምስጋር ዘይርትዓውን ዘይጽወርን
ተግባራት ከም ዝፈጸሙ ከሲሱ።

ፊሊፕንስ፡ ናይ ሎሚ ዓመት ኣካያዲት
ማሕበር ሃገራት ደቡባዊ ምብራቕ ኤስያ
(ኣስያን) ብምዃና ሓላፍነታ ብግቡእ ከም
እትፍጽምን፡ ኣብ ማኒላ ኣብ ዝካየድ ዋዕላ
ኣባላት ኣስያንን ኣብ መወዳእታ ናይዚ
ወርሒ’ዚ ድማ ኣብ ሸንዘን - ቻይና ኣብ
ዝካየድ ኣኼባታት ኣፔክን መራሕቲ

ናይ’ተን ሃገራት ብኣካል ተራኺቦም
ክዝትዩ ከም ዝኽእሉን ኣሚታ።
ቀዳማይ ምኒስተር ቻይና ሊ ኺያንግ
ድማ፡ ኣብ ማኒላ - ፊሊፒንስ ኣብ ዝካየድ
ኣኼባታት ሃገራት ኣስያን ክሳተፍ ትጽቢት
ከም ዝግበር፡ ምኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ
ፊሊፕንስ ኣብ መግለጺኡ ኣመልኪቱ።

ኣመሪካ፡ ንደቡብ ኣፍሪቃን ሩዋንዳን

ካብ ‘ኣጎዋ’ ተባርር
ምምሕዳር ትራምፕ፡ ደቡብ ኣፍሪቃን
ሩዋንዳን ንረብሓታት ንግድን ፖሊሲ
ወጻኢን ኣመሪካ የዳኽማ ኣለዋ ብምባል፡
ኣብ ዝመጽእ ዓመት፡ እተን ሃገራት ኣብ
ዕዳጋ ኣመሪካ ካብ ዘለወን ተጠቃምነት
ክኽልክለን መደብ ከም ዘለዎ ተገሊጹ።

እዚ ዝተገልጸ፡ ፕረዚደንት ዶናልድ
ትራምፕ፡ ካብ 1 ጥሪ 2027 ጀሚሩ
ደቡብ ኣፍሪቃን ሩዋንዳን ኣብ ሕጊ

ዕብየትን ዕድላትን ኣፍሪቃ (AGOA)
ተሳትፎአን ከቋርጻ ምዃነን ንኮንግረስ
ሃገሩን ንመንግስታት ክልተአን ሃገራትን
ኣፍሊጡዎም ምህላዉ፡ ወኪል ንግዲ
ኣመሪካ ጄሚሰን ግሪር ድሕሪ ምሕባሩ
እዩ።
በዚ መሰረት፡ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ናብ
ካልእ ዞባታት ማለት ናብ ኣፍሪቃ፡ ህንዲ፡

ሕብረት ኤውሮጳን ቻይናን ሰደድ
እትገብሮ መጠን ምህርትታታ ንምዕባይ
እትገብሮ ዘላ ጻዕሪ ከተሐይሎ ምዃና
ኣፍሊጣ ኣላ።
ኣመሪካ፡ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ብዘሎ
ብልሽውናን ንግዳዊ ዕንቅፋታትን፡ ኣብ

ሩዋንዳ ድማ ኣብ ሰብኣዊ መሰላት፡
መሰል ሰራሕተኛታት፡ ፖለቲካዊ
ብዙሕነትን ልዕልና ሕጊን ብዘሎ
ስክፍታታት ነቲ ስጉምቲ ክትወስድ
ከም እተገደደት’ያ ትሕብር።
ኣብ 2000 ዓ.ም. ዝተመስረተ
ኣጎዋ፡ ንንግዳዊ ፍርያት ‘ብቑዓት’
ዝበሃላ ሃገራት ትሕተ ሰሃራ ኣፍሪቃ
ኣገልግሎት ናጻ ቀረጽ ዝህብ ሕጊ
ምዃኑ’ዩ ዝንገረሉ።

ውጽኢት ባይቶኣዊ ምርጫ እስራኤል

ብወግዒ ተገሊጹ
ማእከላይ ኮሚተ ምርጫ እስራኤል፡
ውጽኢት ናይ’ቲ ዝሓለፈ ሰሙን ዝተኻየደ
ባይቶኣዊ ምርጫ ትማሊ ረቡዕ ንህዝቢ
ብወግዒ ኣፍሊጡ።
ብመሰረት’ቲ ኮሚተ ምርጫ፡ ኣብ’ቲ
120 ኣባላት ዝሓቖፈ ባይቶ፡ ተቓወምቲ
ሰልፍታት 67 መናብር ክዕወታ እንከለዋ፡
ቀዳማይ ሚኒስተር በንያሚን ናታንያሁ

ዝመርሖ ልፍንታዊ ሰልፊ ድማ 53
መናብር ረኺቡ ኣሎ።
ካብቲ ተቓወምቲ ሰልፍታት ተዓዊተናሉ
ዘለዋ 67 መናብር፡ እቲ 48 መናብር
ምስ ወተሃደራዊ ሓላፊ ናይ’ታ ሃገር ነበር
ጋዲ ኣይዘንኮት ዝመርሖ ሰልፊ ‘ያሻር’
ዝተሰለፋ ውድባት ክዕወታሉ እንከለዋ፡
እቲ ዝተረፈ 19 መናብር ድማ ብውሕዳን

ኣዕራብ እስራኤላውያን ዝምራሕ ልፍንታዊ
ሰልፊታት ተዓዊተናሉ ኣለዋ።
ናታንያሁ ይኹን ኣይዘንኮት፡ መንግስቲ
ንምቛም ኣብ ባይቶ 61 መናብር ክቆጻጸሩ
ስለዘድልዮም ልፍንቲ ንምምስራት ኣብ
ጽዑቕ ዘተ ከም ዘለዉ ይፍለጥ።
በዚ ድማ፡ ብመሰረት ሕጊ እስራኤል፡
ፕረዚደንት ናይ’ታ ሃገር ኣይዛክ ሄርዞግ፡

ኣየናይ ኣባል ባይቶ ቀጻሊ መንግስቲ
ንምቛም ዕማም ክወሃቦ ከም ዘለዎ
ንምውሳን፡ ምስ ፖለቲካውያን ውድባት
ምምኽኻር ጀሚሩ ኣሎ።
ፕረዚደንት ሄርዞግ፡ ኣብ’ዚ ንጹር ተዓዋቲ
ዘይብሉ ምርጫ፡ ሰልፍታት ካልእ ምርጫ
ንኸይካየድን ርጉእ መንግስቲ ንምቛምን
ዝኣተዋኦ መብጽዓታት ከተግብራ ጸዊዑ
ኣሎ።

“ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ ትራምፕ ረፈረንደም እያ ኣካይዳ” ጸብጻባት
ኣብ ኣመሪካ፡ ውጽኢት ናይ’ቲ ትማሊ
ሰሉስ ዝተኻየደ ባይቶኣዊ ምርጫ ድሕሪ
ምዝርጋሑ፡ እቲ ምርጫ፡ ኣብ ልዕሊ
ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ዝተኻየደ
ህዝበ-ውሰነ (ረፈረንደም) ተባሂሉ ይግለጽ
ከም ዘሎ፡ ጸብጻባት ሓቢሮም።
እቲ ምርጫ ከም’ዚ ዓይነት መግለጺ
ዝተዋህቦ፡ ኣመሪካውያን ኣድመጽቲ
ንፖሊሲታት ምምሕዳር ትራምፕ ከም
ዝነጽግዎ ዝሕብር ንጹር መልእኽቲ ዘለዎ
ድምጺ ምርጫ ድሕሪ ምሃቦም እዩ።
በዚ ድማ፡ እቲ ንሱ ብዝመርሖ ገዛኢ
ሰልፊ ተዓብሊሉ ዝጸንሐ ታሕተዋይ
ባይቶ ወከልቲ ህዝቢን ላዕለዋይ ባይቶን

(ሰነት)፡ ብዘየወላውል መገዲ ኣብ ትሕቲ
ቊጽጽር ሰልፊ ደሞክራትስ ኣትዩ ከም
ዘሎ፡ ካብ ዝተፈላለያ ክፍላተ ሃገር ዝመጸ
ውጽኢት ኣረጋጊጹ ኣሎ።
ዛጊት፡ 7 መናብር ሰነት ካብ
ሪፓብሊካውያን ተረኪቦም ዘለዉ
ደሞክራስያውያን፡ ብጠቕላላ 54 መናብር
ብምርካብ ነቲ ወሳኒ ላዕለዋይ ባይቶ

ጃፓን - መጠን ወሊድ ከፊላዊ ወሰኽ ኣርእዩ
መጠን ወሊድ ኣብ ጃፓን፡ ኣብ
ቀዳማይ መንፈቕ ናይዚ ሒዝናዮ
ዘለና ዓመት ብ0.4 ሚእታዊት

ከም ዝወሰኸ፡ ትማሊ ረቡዕ ዝወጸ
መረዳእታ መንግስቲ ናይ’ታ ሃገር
ኣመልኪቱ።
እዚ ወሰኽ
መጠን ወሊድ፡
ድሕሪ 11
ዓመታት ንፈለማ
እዋን ከም
ዝተራእየ ድማ፡
እቲ መረዳእታ
ወሲኹ ሓቢሩ።
“እዚ ኣሃዝ እዚ፡
ምስ’ቲ ኣብ 2025
ዝተመዝገበ ወሰኽ

ዝመጣጠን እዩ። እዚ ተመዝጊቡ ዘሎ
ልኡም ወሰኽ፡ ኣብ 2024ን 2025ን
ብዝተራእየ ብዝሒ ምምስራት
ሓዳር ዝተደገፈ ተባሂሉ ይእመን፡”
ክብል’ውን እቲ መረዳእታ ኣብሪሁ።
ኣብ 2023፡ ሃገራዊ ኢንስቲትዩት
ምርምር ህዝብን ማሕበራዊ ድሕነትን
ጃፓን ኣብ ዝዘርገሖ መጽናዕታዊ
ጸብጻብ፡ ኣብ 2040 ዓመታዊ መጠን
ወሊድ ናይ’ታ ሃገር ናብ ትሕቲ 680
ሽሕ ክወርድ ምዃኑ ኣሚቱ እኳ
እንተ ነበረ፡ እቲ ምንቁልቋል ግን
ካብቲ ትጽቢት ዝተገብረሉ ንላዕሊ
ይውስኽ ከም ዘሎ፡ እዚ ሓድሽ
ጸብጻብ ኣመልኪቱ።

ተቖጻጺሮሞ ኣለዉ።
ኣብ’ዚ 100 ኣባላት ዘለውዎ ባይቶ፡
ዓብላሊ ድምጺ ንምርካብ ሓደ ሰልፊ 52
መናብር ክህልዎ ኣለዎ።
ኣብ ታሕተዋይ ባይቶ’ውን፡ ኣባላት
ሰልፊ ደሞክራትስ ዛጊት 25 መናብር
ብምምንዛዕ ልዕሊ 228 መናብር ክህልዎም
ትጽቢት ተገይሩሎም ኣሎ።

በዚ ‘ሰማያዊ ሱናሚ’ ተባሂሉ ዝግለጽ
ዘሎ ዓወት ኣባላት ሰልፊ ደሞክራትስ፡
ፕረዚደንት ትራምፕ ብዘይ ደገፍ ኮንግረስ

(ክልቲኡ ባይቶታት) ሓድሽ ሕጊ ይኹን
መዝነት ላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስቲ
ከጽድቕ ኣይክኽእልን’ዩ። ናይ ሰላምን
ኲናትን ውሳነታቱ’ውን ብኮንግረስ
ቀይዲ ክግበረሉ ከም ዝኽእል ይሕበር።